ኢፕድ

# ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 31 6 ሰነ 2016 ዓ.ም | ሓሙስ | ብር 10.00





## ኢትዮጵያ ሰለስተ ነጥቢ ክልተ ቢልዮን ዶላር ናይ ወፃኢ ቀጥታዊ ኢንቨስትመንት ክትስሕብ ክኢላ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ:- ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ 10 ኣዋርሕ 3.2 ቢልዮን ዶላር ቀጥታዊ ኢንቨስትመንት ወፃኢ ክትስሕብ ከምዝኸኣለት ተሓቢሩ።

ናይቲ በጀት ዓመት ናይ መወዳእታ ኣፈፃፅማ 100 መዓልቲታት ብቅድሚ ትማሊ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ዝተረኸብሉ ተኻይዱ።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ገፆም ኣብ ዝገለፅዎ፣ ናይ ሎሚዘበን በጀት ዓመት ቅድሚ ምዝዛሙ እቲ ናይ መወዳእታ ዝኾነ ናይ ቤት ምኽሪ ሚኒስተራት ናይ 100 መዓልታት ግምገማ ከምዝጀመሩ ገሊፆም።

ከምቲ ኩሉ ግዜ ኣፈፃፅማ ሕድሕድ ዘፈራት ክንግምግም ኢና፤ ክፍተታት ክነፅንዕ ኢና፤ ኣብ

ኢትዮጵያ... ገፅ 6

## ዝተጀመሩ ምንቅስቃሳት ልምዓት ንኽዛዘሙ ሓገዝ መዳርግቲ ኣካላት ወሳኒ 'ዩ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ:- ኣብ ከተማ ኣክሱም ዝተጀመሩ ናይ ልምዓት ምንቅስቃስ መሊሶም ክዛዘሙ ሓገዝ መዳርግቲ ኣካላት ወሳኒ ከምዝኾነ ከንቲባ ከተማ ኣክሱም ኣይተ ኣበበ ብርሃነ ገሊፆም።


ኣይተ ኣበበ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት ከምዝገለፅዎ፤ ዝተጀመሩ ምንቅስቃስ ልምዓት ከም ከተማ ምምሕዳር ንምፍታሕ ኣፀጋሚ ስለዝኾነ ትርጉም ብዘለዎ ስራሕ እቲ ከተማ ክሕገዝ ኣለዎ፤ እዚ ድማ ፌደራል መንግስትን ግዝያዊ ምምሕዳርን ከምኡ ከምኡ 'ውን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ኣበርቲዖም ክሰርሕሉ ይግባእ ክብሉ ገሊፆም።

እቲ ቁልፊ መሰረት ዝኾነ ልምዓት ማይ 'ዩ፤ ናብ ሆቴል ዝመፁ ዑደተኛታት ንንውሕ ንዝበለ እዋን ክፀንሑ እንተኾይኖም ከምዚኦም ዝበሉ ኣድላይ ዝኾነ መሰረታዊ ልምዓት ክማልኡ ይግባእ። በዚ ልክዕ ድማ ቁልፊ ዕንቅፋት ኾይኑ ዘፀግምና ዘሎ ጉዳይ ማይ 'ዩ ኢሎም።

ናይ ማይ ሕቶ ልዕሊ ሰላሳ ዓመት ዝገበረ ሕቶ እንተኾነ 'ውን እቲ ፀገም ንምፍታሕ ከም ከተማ ፃዕሪ እንገብሮ ነገር ኣድላይ እንተኾነ 'ውን ብኣና ዓቕሚ ዝፍታሕ ኣይኮነን ስለዚ ሓገዝ መዳርግቲ ኣካላት ኣድላይ 'ዩ ኢሎም ።

ካልእ ኣብዚ ፀገም ልምዓት ተተሓሒዙ ዘረአ ጉዳይ መብራህቲ 'ዩ ዝበሉ እቶም ከንቲባ፤ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምዝርራብ ዝተወሰኑ ስራሕቲ ዝተሰርሑ ኣለዉ፤

ዝተጀመሩ ... ገፅ 6



## ኣብ ከተማ ዓዲግራት 42 ዝተፈላለያ ፕሮጀክታት ስረሐን እናሳለጣ 'የን

ገፅ 7

## 2017 ሪቑቕ በጀት ዓመት 971 ነጥቢ 2 ቢልየን ብር ኾይኑ ንቕዋሚ ኮሚቴ ተመሪሑ

- *ፀገማት ብዘተ ብምፍታሕ ናብ ዝሓሸ ኢኮኖሚ ምምላስ ከምዝግባእ ተገሊፁ*

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ:- ፌደራል መንግስቲ ናይ 2017 ረቒቕ በጀት ዓመት 971 ነጥቢ 2 ቢልየን ብር ኾይኑ ንቤት ምኽሪ ቀሪቡ፡፡ ካብ ወፃኢ በጀት ኣንፃር ናይ 21 ነጥቢ 1 ሚኢታዊ ዕብየት ከምዘለዎ ሚኒስትር ገንዘብ ኣይተ ኣሕመድ ሽዴ ገሊፆም፡፡

ናይ ውሽጢ ፀገማት ብዝተን ድርድርን ብምፍታሕ ዘላቒ ሰላም ምስፋንን ናብ ዝሓሸ ኢኮኖሚ ምምላስ ከምዝግባእ ኣባላት ቤት ምኽሪ ተዛሪቦም፡፡

ሻድሻይ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ መበል 31 ኣብ ዘካየዶ ስሩዕ ስብሰባ ሚኒስትር ገንዘብ ኣይተ ኣሕመድ ሽዴ ዘቕረብዎ ናይ 2017 ረቕቕ በጀት መግለፂ ዘተ ተኻይዱ 'ዩ፡፡ እቶም ሚኒስትር ነቲ ቤት ምኽሪ ኣብ ዘቕረብዎ መግለፂ በጀት ከምዝገለፅዎ፤ ካብ ጠቕላላ ወፃኢ በጀት ውሽጢ 451 ነጥቢ 3 ቢልየን ብር ንስሩዕ፣ 283 ነጥቢ 2 ቢልየን ብር ንካፒታል በጀት ከምኡ 'ውን 236 ነጥቢ7 ቢልየን ብር ንክልላት ሓገዝ በጀት ዝተመደበ 'ዩ፡፡

2017 ሪቑቕ... ገፅ 6



«መንግስቲ ፌደራል ሒዝዎም ዝነበሩ ፕሮጀክትታት ተወዲኦም ናብ ስራሕ ክኣትዉን ግልጋሎት ክጅምሩን ይግባእ»

- ኣይተ ኣበበ ብርሃነ፣ከንቲባ ከተማ ኣክሱም

ገፅ 5

"ዘፍርሕ ነገር እንድሕር ዘይተጋፊጥና ዝደለናዮ ነገር ክንረክብ ኣይንኽእልን"

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር)



ገፅ 4

# ብልክዑ ዘይተሳለየ ታሪኽን ባህልን ኢትዮጵያ ኪነ ጥበብ ብምጥቃም ብግቡእ ክፉስጥ ይግባእ

ኣብረሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ብልክዑ ዘይተላለየ ታሪኽን ባህልን ኢትዮጵያ ኪነ ጥበብ ብምጥቃም ብግቡእ ክፉለጥ ይግባእ ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)ተዛሪቦም።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ብስም ስሙይ በዓል ሞያ ሙዚቃ ፕሮፌሰር ኣሸናፊ ከበደ ብቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ያሬድ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ዝተሃነፀ ማእኸል ሙዚቃዊ ጥበባት ዝሓለፈ ቀዳም መሪቆም ከፊቶም።

ኣብዚ እዋን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣብዘገበርዎ መደረ፤ ኪነ ጥበብ ኣርሒቃ ናይ ምርኣይን ናይ ምሕታትን ዓቅሚ ዘለዋ 'ያ። እዚ ዓቅሚ ድማ ናብ ተግባር ብምውዓል ባህልን ታሪኽን ኢትዮጵያ ክፉለጥን ምትእስሳሩ 'ውን ክጠናኸር ይግባእ።

ኢትዮጵያ ቅዱስ ያሬድ ዝኣምሰለ ናይ ምፍጣር ዓቅሚ ዘለዎ ዓበይ ናይ ኪነ ጥበብ ሰብ ዘፍረየት ሃገር 'ያ ዝበሉ 'ቶም ቀዳማይ ሚኒስተር፤ እቲ ሊቅን ስራሕቱን ግና ክንድምታይ ዝኣክል ብልክዑ ፈሊጥናን ኣፍሊጥናን ዝብል ዝልዓል ሕቶ 'ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ታሪኽናን ባህልናን ብሓፈሻ ፀጋታትናን ንምፍላጥ ድማ ኪነ ጥበብ ዋና መሳርሒ ብምዃና ክንጥቀመላ ይግባእ ክብሉ መእኸቶም ኣሕሊፎም 'ዮም።

ኢትዮጵያ ሰፊሕ ታሪኽን ዓሚቕ ባህልን ዘለዋ ሃገር ምስ ምዃና ኣንፃር፤ እቲ ኪነ ጥበብ ብምጥቃም እቲ ትውልዲ

ስለ ሃገሩ ንክፈልጥ፤ ወፃኢ ዓልም ድማ ብዛዕባ ኢትዮጵያ ንክረዳእ ብትኹረት ክስራሕ ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቦም።

ኪነ ጥበብ እንትንሓስብ ዝሓለፈ ታሪኽን ስራሕትን ክዝንግዕ ኣይግባእ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስተር፤ ብሓደ ዓይኑ ንድሕሪት ዝትርኢ ሃገር ጥበበኛ 'ያ። ምኽንያቱ ንድሕሪኡ ዝርኢ ናይ ቅድሚኡ 'ውን ዘይረሰዐ 'ዩ ብምባል ኣረዲኦም።

ኣብ ኸይዲ ቅብብል ታሪኽ ዝተሃነፀ ምትእስሳር ዝበለፀ ውፅኢታማ ከምዝኸውን 'ውን ሓቢሮም 'ዮም።

ኣብዚ ማእኸል ንክንርከብ ዝገብረና ምኽንያት እቲ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ያሬድን ፍሉጥ ናይ ጥበብ ሰብ ፕሮፌሰር ኣሸናፊ ከበደ ስለዘዘኻኸረና፤ ኣብ ዝቅፅል ድማ ናቲ ማእኸል ሓላፊ ዝኾነ ናይ ሙዚቃ ሰብ ግርማ ይፍራሸዋ ዝሓዘን ዝተኣሳሰረ ታሪኽ ዘለዎ ምዃኑ 'ዩ ኢሎም።

እዚ ዓይነት ቅብ ብል ትውልዲ ብምጥንኻር እቲ ከነ ጥበብ ንሃገር ዝተርፍ ውፅኢታዊ ስራሕ ምስራሕ ግቡእ እዩ ክብሉ ተዛሪቦም።


ማእኸል ጥበባት ሙዚቃ ብስሞም ዝተሰየመሎም ፕሮፌሰር ኣሸናፊ ከበደ መስራቲ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ያሬድ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባን ናይ መጀመርያ ዳይረክተር እቲ ቤት ትምህርትን ኮይኖም ዘገልገሉን ከምኡ 'ውን "ኣወሃዲ ሙዚቃ ኢትዮጵያ" ዝብል መፀውዒ ዝትረፉን እንትኾኑ ብተወሳኺ "ባለ ዋሽንት እረኛ" ወይ "The Sheephred Fluitist" ብዝብሃል ክላሲካል ሙዚቃኦም ብስፍሓት ይፍለጡ 'ዮም።

እቶም ፕሮፌሰር ንሕትመት ዘብቅዕዎ "Roots of Black Music" መፅሓፍን ብዙሓት ጥንታዊ ፅሑፋትን ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ጥበብን ከምዘበርከቱ ተገሊፁ 'ዩ።

ኣብቲ መድረኽ ሚኒስተር ትምህርትን ቻንስለር ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ዝኾኑን ፕሮፌሰር ብርሃኑ ነጋ ሓዊሱ ሚኒስተራት፤ ዝተፈላለዩ ኣምባሳደራት ሃገራትን ተወከልቲ ሕብረት ኣፍሪካን ፃውዒት ዝተገበረሎም ኣጋይሽን ተረኺቦም 'ዮም።

ናይቲ ማእኸል ሓላፊ ግርማ ይፍራሸዋን ኦርኬስትራን እቲ ቤት ትምህርትን ንኣጋይሽ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ጥበብ ኣቕሪቦም 'ዮም።





# ምስ መሬትን ካልኦት ጉዳያትን ተተሓሒዞም ዝረኣዩ ዘሰዉ ግዕዝይናታት ተሓታትነት ክሰፍን ይግባእ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ዝረኣዩ ዘለዉ ናይ መሬት ውራን ካኦት ፀገማትን ንምስትኽኻል ክስራሕ ይግባእ ክብላ ምክትል ቢሮ ሓላፊት መሬትን ማዓድንን ክልል ትግራይ ወ/ሮ ኣልማዝ ተስፋ ገሊፀን፡፡

እዚ ዝተገለፀ ካብ ሕድሕድ ቀበሌታት ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ዝተውፃእፅኡ መድረግቲ ኣካላት ኣብ ዝተረኸበሉ ኣብ ዝሓለፉ 3 ዓመታት ብሰንኪ ኣብ ትግራይ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት ተጠቒሞም መሬት ህዝብን መንግሰትን መንገዲ ወሪሮም ኣብ ዝሓዙ ወገናት ዝወረርዎ ንኽምልሱ ዘኽእል ምይይጥ ኣብዝተገበረሉ 'ዩ፡፡

እተን ምክትል ቢሮ ሓላፊት ከም ዝበልኦ፣ እዚ ስርዓት ክህሉን ክቅፅልን ዝኽእል ሰርዓት ተሓታትነት እንትረጋገፅ ጥራሕ 'ዩ ።

በዚ መሰረት ካብ ክልል ጀሚሩ ኩሉ ተወሪሩ ዘሎ መሬት ክምለስን መምርሒ ወሪዱ በዚ መሰረት ድማ ኣብ ኩሉ ከባቢ ተፈፃሚ ክኸውን ከም ዘለዎን ሓቢረን።

ኣብ ከተማ ሽረን ታሕታይ ቆራሮን ሕጋዊ ርኽክብ ክህሉ ምርድዳእ ኣብ ሞንጎኦም ከም ዝተበፀሐን ንዕቤትን ንዝተፈላለዩ ስራሕቲ ከተማ ሽረ ንምስላጥ 'ውን ሓጋዚ ከም ዝኾነን እዚ ሓይሊ ዕማም ቅድሚ ስጉምቲ ምውሳዱ ብዘይሕጋዊ ዝተሰርሐ ምኳኑ ህዝቢ ክመያየጠሉን ባዕሉ 'ውን ከረጋግፆ ከም ዝግባእን ወሲኸን ሓቢረን ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም ኣብ ከተማ ሽረ ዘለዉ ዘይሕጋዊ ስራሕቲ ሕጋዊ ስርዓት ንምትሓዝ ምስ ህዝብና ኮይንና ብዝላዓለ ተኣማምነትን ተወፋይነትን ክንሰርሕ ኢና ክብሉ ኣብ ምርድዳእ ከም ዝበፅሑን ዝኾነ ይኹን ሰብ መሬት ወሪሩ ዝሃነፀ፣ዝሓፀረ፣ዝሓረሰ ክፈርስን ዕዱል ከም ዝተዋሃቦን እንተዘይኣፍሪሱ ድማ በቲ ዝተጣየሸ ሓይሊ ዕማም ከም ዝፈርስ ቤት ፅሕፈት መሬትን ካዳስተርን እታ ከተማ ኣፍሊጡ፡፡

# «ፀገማት መፍረይቲ ትካላት ንምፍታሕ ምስ መንግስቲ ፌደራል እንኽዶም ዘለና ክያዶታት ኣጠናኺርና ክንቕፅለሉም ኢና»

\- ኣይተ ጌታቸው ረዳ

መኣርግ ገ/ሄር



ኣዲስ ኣበባ፡- ፀገማት መፍረይቲ ትካላት ክልል ትግራይ ንምፍታሕ ምስ መንግስቲ ፌደራል እንኽዶም ዘለና ክያዶታት ኣጠናኺርና ክንቕፅለሎም ኢና ክብሉ ፕረዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ገሊፆም፡፡

እቶም ፕረዚዳንት ነዚ ዝበሉ ካልኣይ ዙር ሃገር ለኸ መድረኽ ምንቕናቕ መፍረይቲ ትካላት ትግራይ ምስ ሚኒስተር ኢንዱስትሪ፣ ቢሮ ኢንዱስትሪ ትግራይን ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት ትግራይን ብምትሕብባር "ምንቕናቅ ኢንዱስትሪ ንዳግመ ህንፀት ትግራይ" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ትግራይ ተፍሪ ንሕና 'ውን ንዓድግ ዝብል ካልኣይ ዙር ሃገር ለኸ መድረኽ ምንቕናቕ ኣብ ከተማ መቐለ ካብ ዝሓለፈ ሰኑይ ጀሚሩ ንተኸታታሊ ሓሙሽተ መዓልትታት እናተኻየደ ኣብዝርከብ 'ዩ፡፡

እቶም ፕሬዝደንት ከምዝበልዎ ዝተዓዘብናዮም መፍረይቲ ትካላት፣ መሰረታዊ ተስፋታት ትግራይ ምዃኖም፣ ካብቲ ዝሓለፈ መድረኽ ኢግዚቪሽን ብበዝሕን ፅሬት መፍረይነትን ዝለዓለ ለውጢ ዝረኣናሉ 'ዩ፣ መናእሰይና ዋላ 'ውን እቶም ኣብቲ ኩናት ኣካሎም ዝጎደሉ ዝለዓለ ፅሬትን ደረጃን ዘለውዎም ፍርያታት ሰሪሖም ምርኣይና ኣዚና ንሕበን፣ ንናይ ፅባሕ ትግራይ ድማ ዓብይ መሰረት 'ዩ ኢሎም።

ዲኤታ ሚኒስትር ኢንዱስትሪ ኣይተ ሓሰን መሓመድ ብግዲኦም ከምዝበልዎ፤ "ዕቤት ኢንዱስትሪ ንምርግጋፅን ፀገማት መፍረይቲ ትካላት ንምፍታሕን ናይ ኩሉ ሓላፍነት 'ዩ፣ እዚ መድረኽ ብዙሓት ፀገማት ኢንዱስትሪ ምፍታሕ ኣብ ዝጀመርናሉ እነካይዶ ምህላውና ድርብ ሓላፍነት ዝሓተና ስለዝኾነ ዝተረጋገዐ ኢኮኖሚ ንምፍጣር ዝለዓለ ፃዕሪ ይሓትት፡፡

እዞም ሐዚ እንሪኦም ዘለና ትካላት ሽርፊ ወፃኢ ዘድሕኑ፣ ንደገ ሰደድ ዝገብሩን ዝለዓለ ዕድል ስራሕ ዝፈጥሩን ብምዃኖም ፅቡቕ ጅማሮ 'ዩ፣ መንግስቲ ሴክተር ኢንዱስትሪ ንምዝማን ፖሊሲን ስትራቴጂን ኣመሓይሹ ናብ ስራሕ ከምዝኣተወ 'ውን ኣብሪሆም።

መፍረይቲ ትካላት ትግራይ መፍረያይነት ኢንዱስትሪ ንምዕባይ፣ ንግድን ኢንቨስትመንትን ትግራይ ንምንቕቓሕ፣ ሰፊሕ ምትእስሳር ዕዳጋ ንምፍጣር፣ ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ንምጥንኻርን ተረኺቡ ዘሎ ተነፃፃሪ ሰላም ናብ ዝሐሸ ብርኪ ንምስግጋርን ዝዓለመ መድረኽ ሃገር ለኸ ምንቕናቕ መፍረይቲ ትካላት ኢንዱስትሪ ትግራይ ከምዝኾነ ካብ ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የርድእ።

# ኣብ ትግራይ ካብ 3 ክሳብ 8 ሰነ ኽታበት ሕማም ኣልምሲ ን2ይ ዙር እናተዋሃበ ይርከብ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ትግራይ ካብ 3 ሰነ ጀሚሩ ክሳብ 8 ሰነ 2016 ዓ.ም ኽታበት ሕማም ኣልምሲ /ፖልዮ/ ን2ይ ዙር እናተወሃበ ይርከብ፡፡

ቢሮ ጥዕና ትግራይ 30 ጉንበት 2016 ዓ.ም ንጋዜጠኛታት ኣቐዲሙ መግለፂ ዝሃበ ኮይኑ ሕዚ ብመልክዕ ወፍሪ እቲ ሕማም ኣልምሲ /ፖልዮ/ ኣብዝተረኣየሎም ከባቢታት እናተወሃበ ይርከብ፡፡

ኣብ ጥዕና ትግራይ መተሓባባሪ ምእላይ ሓደጋታት ጥዕና ሕብረተሰብ ኣይተ መብራህቶም ሃፍተ ከምዝበሉዎ፣ እቲ ኣብ ፈለማ ሰሙን ሰነ ዝወሃብ ክታበት ፀረ ሕማም ኣልምሲ ብወፍሪ መልክዕን ለበዳ ኣብ ዝተረኣየሉ ከባቢታትን 'ዩ።

እዚ ሕማም ኣብ መብዛሕትኡ ኣብ ትሕቲ 15 ዓመት ህፃውንቲ ለምሲ ኣካል ከም ዘስዕብን እዚ ክታበት ንምሃብ ዘንቀደ ኣብ ወርሒ ሕዳር ኣብ ራያ ጨርጨር ኣብ ሓደ ህፃን ብምርኣዩ ምኽንያት ከም ዝኾነን ቅድሚ ሓደ ወርሒ 1ይ ዙር ከም ዝተወሃበን ኣዘኻኺሮም።

ኣብ 1ይ ዙር ካባቢ 1.7 ሚልዩን ህፃናት ንምኽታብ ትልሚ ተታሒዙ 1.6 ሚልዩን ከም ዝተኸተቡን ሓዚ 'ውን ኣብ ካልኣይ ዙር ን1.7 ሚልዩን ህፃናት ምስ ውድብ ጥዕና ዓለም፣ዩኒሴፍ፣ ምርምርን ሚኒስተር ጥዕናን ኢትዮጵያ ብምትሕብባር ኣብ 79 ወረዳታት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ብሙሉእ ይኹን ብኽፉል ዘመሓድረን ወረዳታት ገዛ ንገዛ ክወሃብ ትልሚ ብዝተተሓዘ መሰረት 'ዩ፡፡

ኣብ ወፍሪ ክታበት ብፍላይ ወለዲ ፅባሕ ተረክብቲ ዓዲ ዝኾኑ ህፃናት ጉዱኣት ኣካል ኮይኖም ከይተርፉ ዝከኣሎም ኩሉ ንክገብሩ ኣቀዲሞም ፃውዒት ኣቕሪቦም 'ዮም፡፡

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ዕቤት ኢንዱስትሪ ንምርግጋፅ ኩሉ ሓላፍነቱ ይዋፃእ

ልምዓት ኢንዱስትሪ ንዕቤት ሓንቲ ሃገር ወሳኒ ጉዳይ ምዃኑ ዝፍለጥ ‘ዩ። ሽርፌ ወፃኢ ንምርካብ፣ ስራሕ ዕድል ንምፍጣር፣ በዚ ኣቢሉ ቑጠባዊ ሃገር ንምርግጋፅ ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ። ብምዃኑ መንግስቲ ነዚ ተሓሳቢ ብምግባር ናይ ፖሊሲ ምምሕያሻት ብምንዳፍ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናሰርሐ ይርከብ። ኮይኑ ግና እዚ ብመንግስቲ ጥራሕ ክረጋገፅ ስለዘይኽእል ነዚ ንምግሃድ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ሓላፍነቱ ክዋፃእ ይግባእ።

ኣብዚ ሴክተር እዚ ዝተሰማረዩ ኣካላት ውፅኢታዊ እናኾኑ ‘ዮም ዝርከቡ። እቲ ሴክተር ብትኽክል እንተተሰሪሕዎ ሚልዮነር ዝገብር ‘ዩ። ኣብዚ ሴክተር ዝተዋፈሩ ሰባት ዓርሶም ካብ ምኽኣል ሓሊፎም ንኻልኦት ወገናት ‘ውን ስራሕ ዕድል እናፈጠሩ ‘ዮም ዝርከቡ።

ኢንዱስትሪታት ክልል ትግራይ እንተሪእና ዋላ በቲ ዝነበረ ኩናት ስዒቡ ጠጠው ኢለን እንተነበራ ድሕሪ እቲ ስምምዕ ሰላም ግና መንግስቲን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ብዝወሰድዎ ስጉምቲ ምንቅቓሕ ጀሚረን ‘የን። መንግስቲ ኣብቲ ዘፈር ዝነበረ ፀገም ንምፍታሕ ገንዘብ መዲቡ ከም እንደጋና ንምልዕዓል ስጉምታት እናወሰደ መፂኡ ‘ዩ ሕዚ ‘ውን እናወሰደ ይርከብ።

ኣብዚ ሰሙን ካብ 1ሰነ ጀሚሩ ንሓሙሽተ ተኸታታሊ መዓልቲታት ብምትሕብባር ሚኒስተር ኢንዱስትሪ፣ ቢሮ ኢንዱስትሪ ትግራይን ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት ትግራይን ዝተዳለወ “ምንቕናቕ ኢንዱስትሪ ንዳግመ ህንፀት ትግራይ” ብዝብል መሪሕ ሓሳብ፣ ትግራይ ተፍሪ ንሕና ‘ውን ንዓድግ ብዝብል ካልኣይ ዙር ሃገር ለኸ መድረኽ ምንቕናቕ ኣብ ከተማ መቐለ እናተኻየደ ይርከብ።

ኣብ ምጅምር እቲ ፕሮግራም ፕሬዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳን ካልኦት ናይ ፌዴራል ኣካላትን ተረኺቦም ኣብቲ ዙርያ መደረ ገይሮም ‘ዮም። እቶም ፕረዚዳንት መፍረይቲ ትካላት፣ መሰረታዊ ተስፋታት ትግራይ ከምዝኾኑን እቶም መፍረይቲ ብበዝሕን ፅሬትን እናፍረዩ ከምዝርከቡን በዚ ኣቢሉ ድማ ዝለዓለ ለውጢ እናተረኣየ ምዃኑ ገሊፆም ‘ዮም።

እዚ ከም ክልል ይኹን ከም ሃገር ዘለዎ ኣስተዋፅኦ ልዑል ስለ ዝኾነ ኩሉ ቖላሕታ ክህቦ ይግባእ። ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ። ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ዝረአዩ ዘለዉ ፀገማት መፍረይቲ ትካላት ንምፍታሕ ክሕግዙ ኣለዎም። ብምትሕግጋዝ ዝተደለየ ለውጢ ክመፅእ ስለዝኽእል ትኹረት ሂብካ ምስራሕ የድሊ። መንግስቲ ፌደራል ቆላሕታ ሂቡ እናሰርሐ ‘ዩ፤ ኮይኑ ግና ኩሉ ፀገም ብምንግስቲ ጥራሕ ክፍታሕ ስለ ዘይኽእል ኩሉ በቢብርኩ ዘሎ ክተሓጋገዝ ኣለዎ።

ዕቤት ኢንዱስትሪ ንምርግጋፅን ፀገማት መፍረይቲ ትካላት ምፍታሕን ናይ ውሱናት ኣካላት እንተይኮነስ ናይ ኩሉ ሓላፍነት ‘ዩ፤ ኩሉ ሓላፍነቱ እንትዋፃእ እቲ ለውጢ ጋሕዲ ስለዝኸውን ዝተረጋገዐ ኢኮኖሚ ንምፍጣር ዘፅግም ኣይኮነን። እዚ ድማ ዝለዓለ ፃዕሪ ዝሓትት ስለዝኾነ ኩሉ ክተሓጋገዝ ይግባእ።

ብምዃኑ እቶም መፍረይቲ ትካላት ሽርፌ ወፃኢ ዘድሕኑ፣ ንደገ ሰደድ ዝገብሩን ዝለዓለ ዕድል ስራሕ ዝፈጥሩን ብምዃኖም መንግስቲ ትግራይ ልዑል ቖላሕታ ሂቡ ክሰርሐሉ ይግባእ። ምኽንያቱ እዚ እንተዓብዩ ንሃገር ዝለዓለ ረብሓ ስለዘለዎ መንግስቲ፣ ሴክተር ኢንዱስትሪ ንምዝማን ፖሊሲን ስትራቴጂን ኣመሓይሹ ናብ ስራሕ ካብዝኣቱ ፀኒሑ ‘ዩ።

ኣብቶም ዝሓለፉ ዓመታት በቲ ኩናት ኢንዳስትሪ ትግራይ ተጎዲአን ፀኒሐን ‘የን ኮይኑ ግና መንግስቲ ድሕሪ እቲ ዝተፈጠረ ሃዋህው ሰላም ኢንዳስትሪ ትግራይ ንምንቕቓሕ ዝዓለሙ ሃገር ለኸ ምልዕዓላት እናካየደ ይርከብ። እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ኮይኑ ግና ማንፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ብተሳትፎ መንግስቲ ጥራሕ ክዓቢ ስለዘይኽእል ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ተሳትፍኡ ክሕይል ኣለዎ። ከምዚ እንተኾይኑ እቲ ዝድለ ውፅኢት ጋህዲ ክኸውን ይኽእል ‘ዩ።


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል :- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቓዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ እይኮኑን።

## ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ምንቕስቓስ ልምዓት ትግራይ

መኣርግ ገ/ሄር

ህዝቢ ትግራይ ብኮረናን ኩናትን ንኸባቢ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ከቢድ ኩነታት ምፅንሑ ዝፍለጥ ‘ዩ። ብፍላይ እቲ ኩናት ኣብ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያውን ከቢድ ፀገም ኣስዒቡ ‘ዩ። እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ እቲ ክልል ካብ ልምዓታዊ ምንቕስቓሳት ርሒቓ ብምፅንሑ ዝበፅሖ ጉድኣት ቐሊል ዝበሃል ኣይኮነን። እቲ ህዝቢ ካብ ልምዓት ርሒቑ ብምፅንሑ ንተወሳኺ ዝተፈላለዩ ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ተሳጢሑ ፀኒሑ ‘ዩ። ዋና ከተማ ክልል ትግራይ መቐለ ሓዊሱ ሰላም ብዘይምንባሩ ኩሉ ናይ ልምዓት ምንቕስቓስ ጠጠው ኢሉ ፀኒሑ ‘ዩ። ሕዚ ግና ብፍላይ ድሕሪ እቲ ሰላም ምርካቡ ቀስ እናበለ ናብ ስሩዕ ምንቕስቓሳት ስለዝተመለሰ ዝተወሰነ ለውጥታት ይረአ ኣሎ፤ ናይ ልምዓት ምንቕስቓሳት ዳርጋ ኣብ ኩለን ከተማታት እናተረኣየ ‘ዩ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ማሕበራዊ ምንቕስቓሳት ዳርጋ ኣብ ደሓና ኩነታት ‘ዩ ዝርከብ። ተዓፅዮም ዝነበሩ ካፈታትን ዕዳጋታትን ኣብ ደሓና ምንቕስቓሳት ይርከቡ። ፅርግያታት ይህነፁ ኣለዉ። ፋብሪካታትን ባንክታትን ኣብ ታተ ዝነበሩ ሕዚ ኣብ ፅቡቕ ኩነታት ኣለዉ። ኮይኑ ግና ኣብቲ ክልል ካልኦት ሰብኣዊ ቅልውላዋላት የለዉን ማለት ኣይኮነን። ድሕሪ ምኽታም ውዕል ሰላም 23ጥቅምቲ2015 ብዙሓት ወሃብቲ ግልጋሎታት ናብ ንቡር ተመሊሶምን እናተመለሱን ይርከቡ። ካብዚ ኩሉ ብምውፃእ ሕዚ ኣብ ክልል ትግራይ ፅርየተን ዝሓለዋን ምቹዋትን ከተማታት ንክህልዋ ይስራሕን እናተሰርሐን ከምዝርከብ ጊዜያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ገሊፁ ምንባሩ ዝዝከር ‘ዩ።

ንኣብነት ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላስ ኣብ ከይዲ ህንፀት ካብ ዝርከብ 2 ነጥቢ 3 ኪሎ ሜትሮ ንውሓት ዝሸፈነ መንገዲ ምንፃፍ ስራሕቲ ኣስፋልት ምጥቃስ ይከኣል ‘ዩ። እታ ከተማ ብሰንኪ እቲ ኩናት ተሓስያ እኳ እንተነበረት ሕዚ ግና ናብ ንቡር ምንቕስቓስ እናተመለሰት ትርከብ። ሱር ኮንስትራክሽን ድማ ኣብ ዳግመ ሕውየት እታ ከተማ ግቡኡ እናፈፀመ ‘ዩ ዝርከብ። ኣብ ከም ሽረ፣ ኣክሱምን ዓድዋን ካኦት ከተማታት ትግራይን ዝሰርሖም ዘሎ ስራሕቲ ይበል ዘብል ‘ዩ። ሱር ኮንስትራክሽን ቅድሚ ኩናት ኣብ ኩለን ዓበይቲ ከተማታት ጀሚርዎም ዝፀንሑ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ድሕሪ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዳርጋ ኣብ ኩለን ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ ውፅኢታዊ ስራሕ እናሰርሐ ‘ዩ ዘሎ። ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ዝሰርሖም ዘለዉ ስራሕቲ ኣስፋልቲ ከም ኣብነት እንተሪእና 2 ነጥቢ 3 ኪሎ ሜትሮ ንውሓት ዝሸፈነ ኣስፋልቲ ‘ዩ። እዚ ቐሊል ኣይኮነን። ሱሩ ኮንስትራክሽን ኣብ ክሊ ፀገም ኮይኑ ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን ረብሓ ህዝብ ብምቅዳም ጀሚሪዎ ዘሎ ሩኡይን ውፅኢታዊን ስራሕቲ ዝነኣድ ‘ዩ፡፡

ብኻሊእ ወገን ብሓምላዋይ ልምዓት ዝወቖባ ፅሩያትን ንምንባር ምችዋትን ከተማታት ንምፍጣር ልዕሊ 300 ሚሊዮን ብር ብምምዳብ ስራሕ ምጅማሩ ግዝያዊ ምምሐዳር ክልል ትግራይ ዝገለፀ እንትኸውን እዚ ዓብዪ ተስፋ ‘ዩ። መርሃ ግብሪ ፅርየትን ሓምለዋይ ልምዓትን ከተማታት እታ ክልል ብመንግስቲ፣ ህዝቢን ሰብ ሃፍቲን ዝተዋደደ ጎስጓስ ተጀሚሩ ይርከብ። ኣብ 13 ከተማታት እታ ክልል ፅርየተን ዝሓለዋን ምቹኣትን ከተማታት ንክህልዋ ዝተዋደደ ጎስጓስ ተጀሚሩ ኣሎ ‘ዩ። ነዚ ድማ ካብዚ ወርሒ ግንቦት 2016 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ ዝቕፅሉ ኣዋርሕ ክረምቲ ኣብ ወሰና ወሰን መገዲታት ፈልሲ ንምትካል ምድላው ይግበር ኣሎ። እዚ ዓብዪ ተስፋ ‘ዩ። ተጣናኺሩ ክቕፅል ድማ ይግባእ።

ንኣብነት ኣብ ከተማ ኣክሱም ብትካል ሱር-ኮንስትራክሽን እናተሰርሑ ዝስርሑ ዘለዉ ስራሕቲ እንተሪእና ከም ምንፃፍ ኣስፋልትን ካልኦትን ዝበሉ ነገራት ተስፋ ዝህቡ ‘ዮም። እዚ 1 ነጥቢ 6 ኪሎ ሜትር ንውሓቱ ኣስፋልት ዝሸፍን ‘ዩ። ከምእንዚኦም ዝበሉ ስራሕቲ ንብዙሓት መናእሰይ ስራሕ ዕድል ‘ውን እናፈጠረ ‘ዩ። ከምኡ ‘ውን ኣብ ምንፃፍ ፅሩብ እምኒ (ከውሊ ስቶን)፣ መፋስስ፣ ኣብ ቱሪዝም፣ ምፅጋን መዕርፎ ነፈርቲ ኣየር ኣብዝመሳሰሉ ዝስርሑ ዘለዉ ስራሕቲ ዝነኣዱ ‘ዮም። ህዝቢ ድማ ከምኒ እዚኦም ዝበሉ ልምዓታት ስለ ዝደሊ ኩሉ ኣብዚ ሓጋዚ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ቐሊል ኣይኮነን፤ ህዝቢ ካብ መከራን ስቓይን ወፂኡ ናብ ከምዚ ዓይነት ልምዓት ምስግጋሩ ኣዝዩ ተስፋ ዝህብ ‘ዩ። ትካል ሱር-ኮንስትራክሽን ዝሰርሖም ዘለዉ ስራሕቲ ድማ ዝነኣድ ‘ዩ። ድሌት ሕብረተሰብ ብምርዳእ ቀልጢፉ ናብ ልምዓት ምእታዉ ዓብዪ ስራሕ ‘ዩ። እዚ ካብ ምልማዕ ብተወሳኺ ንብዙሓት መናእሰይ ዕድል ስራሕ እናፈጠረ ‘ዩ ዘሎ። ብተመሳሳሊ ኣብ ከም ከተማ ዓዲግራት ‘ውን ዝተፈላለዩ ናይ ልምዓት ስራሕቲ እናተሰርሐ ‘ዩ ዝርከብ። ንኣብነት ኣብ ስራሕቲ ሓምላዋይ ልምዓትን ምፅባቕን እታ ከተማን።

ካሊእ መሸጣ እታወታት ሕርሻ ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ንምግባር ‘ውን እናተሰርሐ ‘ዩ ዝርከብ። እዚ ብኤጀንሲ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ትግራይ ኣብዝሓለፈ ሰሙን ተገሊፁ ‘ዩ። እዚ ንልዕሊ 100 ንመናእሰይ ትኹረት ገይሩ ስልጠና ተዋሂቡ ‘ዩ። እቲ ስልጠና ቀረብ እታወታት ሕርሻ ንምዝማንን ስሉጥ ኣወሃህባ ግልጋሎት ንኽህሉ ዝሕግዝን ምዃኑ ተገሊፁ ‘ዩ። እዚ ከም ዘበናዊ ድኹዒን ካልኦት ተዛመድቲ እታወታት ሕርሻን ናብ ተጠቀምቲ ንምብፃሕ ዝሕግዝ ከምዝኾነ ሰብ ሞያታት ገሊፆም ‘ዮም።

ግብሪ ‘ውን ዋላ ክንድትዝድለ ኣይኹን ተስፋ ብዝህብ መልክዑ እናተኣከበ ‘ዩ። ብዙሓት ኣብያተ ፅሕፈታት ወይ ቢሮታት ካብቲ ዝነበረኦ ፀገም ብምውፃእ ግብሪ ብኣግባቡ ምእካብ ጀሚረን ይርከባ። ንኣብነት ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር መኣዓዝያ ከተማ መቐለ ኣብ ዝሓለፉ 9 ኣዋርሕ ልዕሊ 26 ሚልዮን ብር ኣታዊ ከም ዝረኸበ ኣፍሊጡ ‘ዩ። እዚ ምስቲ ዝነበረ ኩነታት ብምግንዛብ ተስፋ ዝህብ ‘ዩ።

ብሓፈሻ ስራሓቲ ልምዓት ትግራይ ተጣናኺሮም እንተቐፂሎም ኣብ ዝሓፀረ እዋን ካብቲ ዕንወት ምውፃእ ይከኣል ‘ዩ። ኣብ ዝሓፀረ እዋን ትግራይ ደጊምካ ምህናፅ ይከኣል ‘ዩ። ኮይኑ ግና ናይ ልምዓታት ምንቕስቓሳት ተጣናኺሮም ክቕፅሉ መሰረቱ ሰላም ስለ ዝኾነ ሰላምና ዓቒብና ኣብ ኩሎም ዓይነት ልምዓታት ንቕድሚት ከንስጉም ኣለና። ምኽንያቱ ብዘይ ሰላም ዝኾነ ዓይነት ልምዓት ዝሕሰብ ስለዘይኮነ ሰላም ዓቒብካ ምኻድ ግዴታ ‘ዩ። ብዘይ ሰላም ልምዓትን ዕቤትን ክረጋገፅ ስለ ዘይኽእል ኩሉ ሕብረተሰብ ንሰላም ዓብዪ ቖላሕታ ክህቦ ይግባእ።

**ብዘይ ሰላም ልምዓትን ዕቤትን ክረጋገፅ ስለ ዘይኽእል ኩሉ ሕብረተሰብ ንሰላም ዓብዪ ቖላሕታ ክህቦ ይግባእ**

# እዋናዊ ዛዕባ

## “ዘፍርሕ ነገር እንድሕር ዘይተጋፊጥና ዝደለናዮ ነገር ክንረክብ ኣይንኽእልን”

*-ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)*

**ኣብርሃ ሓጎስ**



ልዕሊ 135 ዓመታት ዕድመ ከምዘለዋ ዝንገረላ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ከም ሽማ ፅሪትን ምልክዕትን እንተይኮነት ንዘመናት ፀኒሓ ‘ያ፤ ምስ ሹማ ክኸይድ ዘይኽእል ዝተፈላላዩ ርስሓትን ብኽለት ኣየርን ተሸኪማ ንነዊሕ እዋናት ተጎዒዛ ‘ያ፤ ንነበርቲ ዘይምጥኑ መሰረተ ልምዓታት ከም መንበሪ ገዛ፣ ሽቃቅን መንገዲን ካብቶም ቐዳሞት ፀገማት ዝኾኑ ምጥቃስ ይከኣል ‘ዩ፡፡ ብፍላይ ሽሞም ግኑን ዝኾኑ ከም ፒያሳ ዝበሉ ቦታታት ብተግባር ግና ምስ ሽሞም ዘይኸይድ ‘ዩ፤ ንሽሞም ዝምጥን መለክዕ የብሎምን፤ ዘኾነ ዓይነት ዘመናዊነት ዘይተላበሰት ከተማ ‘ያ፡፡ ብፍላይ ርእሰ ከተማ ምስ ምኟና መጠን ተተሓሒዙ ብዙሓት ዲፕሎማሰኛታት ስለ ተስተኣናግድ ኣዝያ ስሓቢትን ስታንዳርድ ዝሓለወት ክትኸውን ይግበኣ፡፡ መንግስቲ ናይ ካልኦት ሃገራት ከተማታት ተሞክሮ ብምውሳድ ከም ሽማ ደረጃኣ ዝሓለወት ከተማ ንምግባር ብፍላይ ፅሬቶም ዝሓለዉ ኮሪደራት ኣብ ምስራሕ ይርከብ፡፡ ምስ እዚ ተተሓሒዙ ቐዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር)፣ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ከንቲባ ኣዳነች ኣቤቤን ካልኦት ለዓለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ነዚ ብዝምልከት ኣብዚ ሰሙን ምልከታን ግምገማን ገይሮም ‘ዮም፡፡ ነዚ ስዒቡ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትርን ከንቲባን ነዚ ብዝምልከት መልእኽቲ ኣማሓላሊፎም ‘ዮም፡፡ ዘመሓላፍዎ ሙሉእ መልእኽቲ ድማ ነዚ ዝስዕብ ይመስል፡፡

መልእኽቲ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

ገምጋም ቐዲሞም ዝተሰርሑ ስራሕቲ ልምዓት ኮሪደር እንትንዛዝም ዝቕፅል ገምጋምና ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ተረኺብና ከምነሳልጥ ቃል ኣቲና ነይርና። ናይ ፒያሳን ኣራት ኪሎን መስመር ስራሕ ኣብ ዝተትሓዘ መርሃ ግብሪ ሰለስተ ወርሒ ምዝዛምና እንትንገልፅ ሓጎስ ይስምዐኒ።

ኣብ ቐፃሊ ስራሕ ምዕቋር ሃፍቲ ቐዳማይ ጠመተ ኾይኑ ኣብ ዝተረፉ ኮሪደራት ስራሕትና ቕልጡፋትን ምህዞ ዝመርሐናን ክንኸውን ይግባእ። ፅርየት ክቕፅል ምግባርን ንኹሎም ዜጋታትና ምቹው ከባቢ ምፍጣርን ቐዳምነት ንህቦም። ንጥፈታት ‘ዮም።

እዚ ፕሮጀክት ዝሳለጥ ብምትሕብባር ብዙሓት ‘ዩ። ካብ ጅማሮኡ ኣብ ስራሕና ንዝረኸብናዮ ሰናይ ፍቓድ ምስጋና የቕርብ። እዚ ‘ውን ኣብ ኣፈፃፅማ ትልሚ ንዝተርኣየ ፃዕርናን ሰናይ ፍቓድናን ዝምጥን ኾይኑ ተራእዩ ‘ዩ።

በዚ ንኽተማና ናብ ዝሓሸ ለውጢ ንምብቃዕ ኣብ ዝተደኸመሉ ዓብዪ ስራሕ ኸይዲ ውሽጢ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ፈጢርናዮ ክኸውን ንዝኽእል ምቾት ምስኣን ይቕሬታ ንሓትት። ኢትዮጵያና ንኽትልወጥ ብፅንዓት ከምንሰርሕ ኣብዚ ናይ ኮሪደር ልምዓት ስራሕ ኸይዲ ‘ውን ዘለዉ ክፍተታት ዲዛይንን ፅርየትን እንተሃልዮም ምስትኽኻልና ከምንቕፅል ንኽትተኣማመኑ ክንገልፅ ንደሊ።ኣብ ውልቃዊ ዘፈር ንዘለዉ መዳርግትና ሓዊሱ ትማሊ ምሸት ኣብ ጎደናታት ፍቕርኹም ንዝገለፅኩምልና፤ ብሓፈሻ ኣብዚ ስራሕ ንዝተሳተፍኩም ኩሉኹም ካብ ልቢ ዝንነቕለ ምስጋናይ ይብፃሕኩም።

ብተመሳሳሊ ምስዚ ዝተተሓሓዘ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ዝሓለፈ ቀዳም ብስም ስሙይ በዓል ሞያ ሙዚቃ ፕሮፌሰር ኣሸናፊ ከበደ ብቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ያሬድ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ዝተሃነፀ ማእኸል ሙዚቃዊ ጥበባት መሪቆም ኣብ ኸፈቱሉ እዋን ክምዝብለዎ፤ ኣብዚ ሰሙን ኣብ ሲንጋፖር ኣብ ዝገበርናዮ ዑደት ብዝረኣናዮ ስራሕቲ ልምዓት ዘጣዕስን ዘሕረቅን ‘ዩ። እዚ ኹሉ ግና እንታይ ሒዞም ‘ዮም ሰሪሖሞ እንትብሃል፤ ቦታ ንኢስዎም ማያዊ ኣካል ሓመድ እናመልኡ ‘ዮም ሰሪሐሞ። ኣንሕና ግና ሓመድን ማይን እናሃለየና ክንተክል ኣይኸኣልናን። ንምንታይ ኢና ከምዚ ኮይንና ከምዚ ሰኒፍና ኢልና እንትንሓትት፤ ናይ ኣቦታትና ተረታት ምሳለታት እንተሰሚዕና ዝምህሩና ስነቃላት ብኣና ስለዘይተለመዱ ኣይኮነን። ብዙሓት ስነ ቃላት ኣለው ንክንሓስብን ንክንዝክር ዝገብሩና።

“ካብ ኣፍደገ ዓሻ ኣርዑት ይቑረፅ”። ንምንታይ ተባሂሉ? መን ‘ዩ ዓሻ? “ናይ ዓሻ መንደር ማይ ሱቅ ኢሉ ይፈስስ” መን ኢሉ? ንምንታይ ተባሂሉ? ንምንታይከ ጠይቅና ዘይተምሃርና? “ፀፀር ዓሻ ይድርብዮ በሊሕ ድማ ይኣርዮ” ንምንታይ ተባሂሉ ንምንታይ ኢና ዘይንምርምሮ እንተይልኩም፤ ናባይ ዝመፅኣኒ ኣንሕና ኢትዮጵያውያን ትማሊ ነይርና ሎሚን ኣለና ፅባሕን ‘ውን ክህልወና ‘ዩ። እቲ ፀገም ኾይኑ ዘሎ ግና ንፅባሕ ድልድል ኮይኑ ዘሳግር የለን። ሰብ ድማ ካብ ትማሊኡ ምስሎን ፅባሕን ክተኣሳሰር እንተዘይክኢሉ ካብ ምቅናእ ወፂኡ ሓቲቱ ክምልስ ይፅገም ‘ዩ። ብሓደ ሃገር ዝተፀሓፈን ብዙሓት ዝተዛረብዎ ብሓደ ዓይኑ ንድሕሪት ዝርኢ ማሕበረሰብን ሃገርን መስተውዐሊ ጥበበኛ ዩ። ምኽንያቱ ንድሕሪኡ ዝርኢ ናይ ትማሊ ድልድል ከምዘይተሰበረ ትማሊ ኣብኡ ዝተሰርሐ ሪኡ ንፅባሕ ክሳገር ስለዝኽእል ‘ዩ።

ከተማታትና ብዙሕ እናፈራረስና ኢና ዘለና። ፒያሳ እንትነፍራርሳ ሓደ ፈታውየይ ፈሪሑ መፂኡ እንታይ ሓሲብካ ኢኻ ኣይኮነን ንምስራሕስ እቲ ዘፍረስካዮ ሓመድ ንምልዓሉ ባዕሉ ኣይከብድንዶ? የፍርሕ ‘ዩ ኢኮ ኢሉኒ። ሓቁ እዩ የፍርሕ ‘ዩ። ይኹን እምበር ዘፍርሕ ነገር እንተዘይተጋፊጥና ዝደለናዮ ነገር ክንረክብ ኣይንኽእልን። ብዙሕ ዘፍርሕ ነገር ኣሎ ‘ዩ። ኾይኑ ግና ክንጋፈጦ ይግባእ። እንትንጋፈጦ ልብና እኩይ ነገር እናሓሰበ ከይኮንስ ፅቡቅ ነገር እናሓሰበ ክኸውን ኣለዎ። ናይ ሎሚ ሰለስተ፣ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ዓመት ብዙሓት ክጉብንይዎ ዝሓስብዎ ከተማ ብርግፅኝነት ኣንሕና ክንሰርሖ ኢና። እቲ ዝስራሕ ከተማ ግና ጥበብ እንተዘይተሓዊስዎ ትኬት ቆሪፁ ናባና ዝመፅእ ሰብ የለን። ናባና መፂኡ ዝሪኣና ደስ ዝብል ጥበብ ዝተፈለየ ግልጋሎት ኣወሃህባ ዝተፈልየ ፀብሒ ደርሆ ዝተፈልየ ቡና መሰል ነገራት ክውሰኾ ከሎ ‘ዩ።

እዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ካብ ዘይፅገብ ባህልናን ታሪኽናን መፂኦም ንክምሃሩ ክኽእሉ ንክሕግዝ ሙዚቀኛታት ግደኦም ክፃወቱ ዝኽእሉ እንተኾይኖም ሙዚቃ ዘይረኣናዮ ዝርኢ ዘይተረደ ኣና ዘረድእ ምግባር ‘ዩ እሞ ንሱ ምግባር ንክተኽሉን ንክተኽእሉን ሓደራ ይብል። ኢትዮጵያ ብዙሕ ፈታኒ ኩነታት ኣለዋ። ብዙሕ ዘፍርሕን ዘደንግፅን ኩነታት ኣለዋ ‘ዩ። እዚ ዘፍርሕን ዘደንግፅን ብብዙሕ ፀገም ዝተመልአ ነገር ብፍልጠትን ብምስትውዓልን እንተተጋፍጥናዮ። ድልድል ሰይተሰበረ ዝበልፀት ኢትዮጵያ ምፍጣር ንኽእል ኢና። ኣነ ብርግፀኝነት ክዛረቦ ዝኽእል ኢትዮጵያ ክትብፅግ ‘ያ። ልመና ስንዳይ ደው ክትብል ‘ያ። ንብዙሓት ሰሓቢት ክትኸውን እያ። እዚ ዝኸውን ግና ኣረጊት ረሳሕ እናራገፍና እናሓደግና ዘድልየና እናሃነፅና እንትንኸይድ ‘ዩ። እዚ ንምግባር ድማ ምቁራፅ ምስራሕ የድሊ ብሰባት ከምንቀንእ ሰባት ብኣና ክቀንኡ ምስራሕ የድሊ።

ፅቡቕ ነገሩ ኣብ ሲንጋፖር ኣብ ዝነበረና ፃንሒት ከምዚ ነሃትና መፅልኢ ከባቢታት እናፍረሱ እንትሰርሑ ልክዕ ከምዚ ነሃትና ብዙሕ ጭቅጭቅን ፅዕንቶታት ነይርዎም ‘ዩ። እቲ ስራሕ እንትስራሕ ቀሊል ኣይነበረን ብዙሕ ነገር ነይሩ ዩ። ነዚ ኹንታት ተሻጊርና ክንልውጦ እንኽእል ዝጭበጥን ዝር ኣይን እንተኾይኑ፤ ፍሪኡ ጥዑም ‘ዩ ዝኸውን። ሓደ ካብ ዝተመሃርናዮ ነገረ ኣፀጋሚ ነገር እንተመሰለ ‘ውን በርቲዕና ክሳብ ዝሰራሕና ነገር ምቕያር ይከኣል ‘ዩ ዝብል እምነትን ስንቅን ኢና ሒዝና መፂእና። ኣብኡ ግና ሱቅ ኢሎም ኣይፀረዩን። ሱቅ ኢሎም ኣይመልከዑን። ከማና ቀልዲ የለን ጥንክር ዝበለ ድኽነት ዝፅየፍ ስርዓት ዘርጊሖም ‘ዮም።

ኣንሕና ንግዚኡ እንልምነኩም መኪና ዘለዎም ሰባት ማይ ሰትዮም እቲ ላስቲክ እንትድርብዩ ሱቅ ኢልኩም ኣይትኺዱ። ሰብ ናይ ባዕሉ ሃገር እንተርስሕ ሱቅ ኢልኩም ኣይትኺዱ ትኽክል ኣይኮነን ኣልዕሎ በልዎ። በቢመንገዱ ዘሎ ምሻን ሱቅ ኢልካ ጥራሕ ምክልካል ስለዘይክኣል፤ ከምዝሰማእኹሞ ጎስጓስ ምስራሕ ሽቃቃት ጀሚርና ኢና ምስ ሰራሕና ዘርስሕ እንተሃልዩ ድማ ኣይከንን ዓድና ኣይተሸታታ ሕደግ ምባል ንልመድ፡፡ ሰብና ንምቅናዕ ደቅና ንምምሃር እንተተጠቂምናሉን ሰብ ሙዚቃ ድማ ስርሑ እንተሰሪሑ ዝተቀየረ ከተማን ሃገርን ምርኣይ ይከኣል ዝብል ተስፋ ኣለኒ ‘ዩ።

ብተወሳኺ ነዚ ኣመልኪቱ ከንቲባ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ ከምዚ ይብላ፣ ቕድሚ ኹሉ ንዝሓገዘና ፈጣሪ ነመስግን! ኣብ ዝተትሓዘሎም ናይ ሰለስተ ወርሒ ግዜ ውሽጢ ንዝተዛዘሙ ስራሕቲ ልምዓት ኮሪደር ዙርያ መዘከርታ ዓወት ዓድዋን ኣራት ኪሎን ምስ ክቡር ቀዳማይ ሚኒስትርና ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ፣ ኽቡርቲ ቀዳመይቲ እመቤት ዝናሽ ታያቸውን ኻልኦት ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ መንግስትን ገምጊምና። ንኣዲስ ኣበባ ካብ ነባራይ እታ ከተማ እንትንቕበላ ክነወቅባ፣ ክነልምዓ ቃል ኣቲና ኢና ጀሚርናዮ።ንወለዶ ትተርፍ፣ ጉሓፍን ስንፍናን ዘይብላ ከተማ ክንገብራ ቃል ኣቲና ነይርና። እንሆ ድማ ቃልና ሓሊውና ኢና።

እንኩም ዝፀረየት ኣራዳ፣ እንኩም 24/7 ትተግህ ኣራት ኪሎ፤ ሕዚ ናዓኻትኩም ምቹውቲ ገይርናያ ኣለና። ካብ ፅባቐኣን ፅርየታን ከይጎደለት ንወለዶ ኣቕምጡዋ። ስራሕቲ ልምዓት ኮሪደር እንትንጅምር ሓቢርኩምና ንዝተልዓልኩም፣ ንዝተሓባበርኩም፣ ንዘፀበቕኩም በዓላ ገዛታት፣ ንዝተሓባበርኩም ሰብሃፍቲ፣ ትካላት ኮንስትራክሽን፣ ብሞያኹም ንዝተጋህኹም ሰራሕተኛታት፣ ኣመራርሓታትን ትካላት ፌደራልን ምስጋናይ ይብፃሕኩም። ፅርየት ክሕለው ምግባርን ንኹሎም ዜጋታት ምቹው ከባቢ ምፍጣርን ቐዳምነት ንህቦም ንጥፈታት ‘ዮም።

ካሊእ ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትር ተመስገን ጥሩነህ ‘ውን ብኸምዚ ይገልፁ፣ ንኣዲስ ኣበባ ከም ሽማ ሓዳሽ ክንገብራ ኢና ኢሎም ነይሮም ክቡር ቀዳማይ ሚኒስትር። ቃል ብተግባር እናተፈፀመ ምኟኑ ትማሊ ኣብ ዝገበርናዮ ዑደት ኣረጋጊፅና። ሰፋሕቲ ጎደናታት፣ ምቹዋት ናይ እግረኛን ብስክሌትን መንገድታት፣ ሓምለዋይ ከባቢ፣ ፅሩያትን ዘመናዎትን ሸንቲ ቤታት፣ ዝተወሃዱን ዝወቀቡን መልክዓት ህንፀት፣ ንኣዲስ ኣበባ እናቐየሩዋ ‘ዮም።

ቃል ብተግባር ንምቕያር ንዝተሳተፉ ኣመራርሓታት፣ ቀትርን ለይትን ከይሰልቸዉ ንዝሰርሑ ሰብ ሞያን ሰራሕተኛታትን ኩሎም ከምኡ ‘ውን ነዚ ተግባር ብምድጋፍ ህንፅኦምን መንበሪ ገዝኦምን ብናይ ዓርሶም ምልዕዓል ንዘማዕረጉን ንዝገደግፉን ሰብሃፍትን ነበርትን ምስጋና ይግብኦም። ኣብቲ ቦታ ዝነበረ ህዝቢ ብድንገት ወፂኡ ንዘርኣየና ፍቕርን ኽብርን፣ ንዝሃቦ ምስክርነት ‘ውን ነመስግን።

# ዕዱም ጋሻ

# ‹‹መንግስቲ ፌደራል ሒዝዎም ዝነበሩ ፕሮጀክትታት ተወዲኦም ናብ ስራሕ ክኣትዉን ግልጋሎት ክጅምሩን ይግባእ››

- ኣይተ ኣበበ ብርሃነ፣ከንቲባ ከተማ ኣክሱም



መሰረት ገብረዮሃንስ

ናይ ሎሚ ጋሻና ኣይተ ኣበበ ብርሃነ ይበሃሉ፤ ኣይተ ኣበበ ከንቲባ ከተማ ኣክሱም "ዮም። ኣብታ ከተማ ዝካየዱ ዘለዉ ናይ ልምዓት ምንቕስቓሳት እንታይ ከምዝመስሉን ምስ እቲ መዕርፎ ነፈርቲ ፅገናን ተተሓሒዙ ንማሕበረሰባዊ ኣገልግሎት ክፉት ምኳኑን ብፍላይ ድማ ንቱሪዝም ንምድንፋዕ ዘለዎ ረብሓን ካልኦት ተተሓሓዝቲ ጉዳያትን ኣድሂብና ፃኒሕት ገይርና ኢና። ዝገበርናዮ ፃኒሕት ድማ ሙሉእ ትሕዝትኡ ከምዚ ስዕብ ቐሪቡ ኣሎ። ሰናይ ንባብ!

**ወጋሕታ፡- ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ኣብታ ከተማ ዘሎ ናይ ልምዓት ምንቕስቓሳት ብሓፈሻ እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ኣበበ፡-** እቲ ከተማ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ዝተፈጠረ ተስፋን ዕድልን ክንጥቀመሉ ኣለና ዝብል መበገሲ ሓሳብ ብምሓዝ ዘለዉና ውሽጣዊ ዓቕምታት ከመይ ገይርና ክንጥቀመሎም ከምዘለና ክንዲ ዝካኣልናዮ ዓብይ ስራሕ እኳ እንተዘይሰራሕና ግና ሞኪርና ኢና። በዚ ኣቢልና ድማ ስራሕቲ መሰረተ ልምዓት ዝጀመረሉ ሃዋህው ክንፈጥር ኣለና ዝብል ሓሳብ ተተሒዙ ምንቅስቃስ እናገበርና ኢና። ፌደራል መንግስቲ ሒዝዎም ዝነበሩ ፕሮጀክትታት ‘ውን ናብ ስራሕ ንክኣትዉ ‘ውን ከም ኣንፈት ተቐሚጡ ዝነበረ እንትኸውን ናይዚ ውፅኢት ድማ እቲ ሓደ መዕርፎ ነፍርቲ ራብዓይ ኣፀይ ዮሃንስ ኣክሱም ‘ዩ። እዚ መዕርፎ ነፈርቲ ልዕሊ ኣርባዕተ ዓመት ብምኽንያት ዝነበረ ኹናት ጉድኣት ስለዝበፅሖ ካብ ስራሕ ጠጠው ኢሉ ‘ዩ ፀኒሑን፤ ኸዚ ንቡር ስርሑ ይጅምር ኣሎ።

**ወጋሕታ፡- ምስ ዳግመ ህንፀት ከተማ ኣክሱም ዘሎ ምንቅስቃስ ብፍላይ ስራሕ ምጅማር መዕረፎ ነፈርቲ ራብዓይ ሃፀይ ዮሃንስ ንዳግመ ህንፀት ከተማ ኣክሱምን ዝህልዎ ትርጉም ተዝገልፁልና?**

**ኣይተ ኣበበ፡-** ኹላትና ከምንፈልጦ ቅድሚ ኸዚ ብዝነበረ ኹናት ምኽንያት ኸበድቲ ጉድኣት ካብ ዝበፅሖም ከተማ ሓንቲ ከተማ ኣክሱም ‘ያ፤ ድሕሪኡ ዝነበረ ኣብ 2015 ዓ.ም ድማ እቲ ከተማ ከቢድ ዕንወት ዝበፅሖ ስለዝኾነ በዚ ድማ ብጣዕሚ ከቢድ ጉድኣት ‘ዩ በፂሑ። እቲ ከተማ ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝተፈጠረ ተስፋን ዕድልን ክንጥቀመሉ ኣለና ዝብል መበገሲ ሓሳብ ብምሓዝ ዘለዉና ውሽጣዊ ዓቕምታት ከመይ ገይርና ክንጥቀመሎም ከምዘለና ብምዝታይ ክንዲ ዝካኣልናዮ ዓብይ ስራሕ እኳ እንተዘይሰራሕና ግና ሞኪርና ኢና። በዚ ኣቢልና ድማ እቲ መሰረተ ልምዓት ስራሕቲ ዝጅመረሉ ሃዋህው ክንፈጥር ኣለና ዝብል ሓሳብ ተተሒዙ ምቅስቃስ እናተገበረ ‘ዩ። ብዕሊ ከም ኣንፈት እንድሕር ወሲድና ግና ኣብ ክልል ትግራይ እቲ መሰረተ ህንፀት ባዕሉ ዝኻኣለ ኣንፈት ተቐሚጥሉ ግን ድማ ትርጉም ብዘለዎ ብርኪ ተጀሚሩ ዝባሃል ኣይኮነን። ከም ከተማ ምምሕዳር ቅድም ኢለ ከምዝገለፅኹዎ ብውስን ካብ ካርታ ዓለም ዝርከብ ዝተወሰነ ድጋፍ ካብ ውሽጢ ዓቕሚ እቲ ከተማ ድማ ዘለዉን መማረፅታትን ዕድላትን ብምጥቃም ንወገኖምን ህዝቦምን ዝግደሱ ግዱሳት ወገናት ፕሮጀክታት ብምቕራፅ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ኣለዉ ‘ዮም።

መንግስቲ ፌደራል ሒዝዎም ዝነበሩ ፕሮጀክትታት ‘ውን ናብ ስራሕ ንክኣትዉ ‘ውን ከም ኣንፈት ተቐሚጡ ነይሩ ‘ዩ። ናይዚ ውፅኢት ድማ ሓደ መዕርፎ ነፍርቲ ራብዓይ ኣፀይ ዮሃንስ ኣክሱም ‘ዩ። እዚ መዕርፎ ነፈርቲ ልዕሊ ኣርባዕተ ዓመት ብምኽንያት ዝነበረ ኹናት ጉድኣት ስለዝበፅሖን ካብ ስራሕ ጠጠው ኢሉ ፀኒሑ ‘ዩ። እዚ ጠጠው ምባሉ ነታ ከተማ ኸቢድ ጉደኣት ‘ዩ ነይሩ፤ ከምዝፈለጥ መሰረታዊ ምንቅስቃስ ማሕበራዊ ኢኮኖምያውን ናይታ ከተማ ዋና ቱሪዝም ‘ዩ ነይሩ። እቲ ቱሪዝም ድማ ብኾረናን ኹናትን ተጎዲኡ ‘ዩ። እቲ ቀንዲ ናይ ቱሪዝም መእተዊ በሪ ኢልና እንወስዶ መዕርፎ ነፈርቲ ኢትዮጵያ ዝህቦ ዝነበረ ግልጋሎት ናብ ከተማ ኣክሱም ብምቁራፁ እቲ ምቅስቃስ ቱሪዝም ነቲ ምቅስቃስ ኢኮኖሚን ‘ውን ሒዝዎ ናብ ዜሮ ከወርድ ገይርዎ ‘ዩ። እዚ ድማ ንከተማ ኣኽሱም ከቢድ ማሕበራዊ ቅልውቅላው ክፍጠር ገይርዎ ፀኒሑ ‘ዩ።

እዚ ተስፋ ሰላም ምስ ተረኸበ ምስ ውዕሊ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ኩሎም መሰረታዊ ግልጋሎት ክጅመሩ ኣለዎም ዝብል ስለዝነበረ ነዚ ድማ መንግስቲ ፌደራል ሓላፍነት ወሲዱ ክሰርሕ ስለዝግባእ፤ ብመንፅር እዚ ህዝብን ምምሕዳርን ከተማ ኣክሱም ብተደጋጋሚ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ተፀጊኑ ናብ ስራሕን ግልጋሎትን ክምለስ ኣለዎ ዝብል ሕቶ እናልዓለ ፀኒሑ ‘ዩ፤ በዚ መሰረት ድማ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ስራሕቲ ዳግመ ህንፀት ተጀሚሩ እናተሰርሐ ክሳብ ኸዚ ፀኒሑ ‘ዩ፤ በቲ ስምምዕነት መሰረት ሰነ መጀመርያ ተዛዚሙ ናብ ግልጋሎት ክጅምር ‘ዩ ተሓሲቡ ነይሩ እዚ ድማ እቲ ህንፀት ተዛዚሙ ሰነ 2/2016 ዓ.ም ተቋሪፁ ዝነበረ መዕረፎ ነፈርቲ ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ ብዕሊ ናብ ግልጋሎት ምሃብ ተመሊሱ ‘ዩ። በዚ ድማ ብኹናት ምኽንያት ኣብ ፀገም ወደቑ ዝነበረ ኢኮኖሚ ክምለስ ‘ዩ ኢልና ነሓስብ፤ እዚ ክኾን ከሎ ድማ በሪ ቱሪዝም ክኸፍት ስለዝኾነ እዚ ድማ ብርክት ዝበለ ዑደተኛታት ክመፅእ ሓድጉታት ክጉብንይን፤ ኣብ ደገ ዘሎ ንነወሕ እዋን ምስ ቤተሰቡ ዘይተራኸበ ድያስፖራ ምስ ቤተሰቡ ክራኸብን ኣብ ኸባቢኡ መፂኡ ድማ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቃስ ንግዳዊቂ ቀጠናዊ ምትእስሳር ንክዓቢ እቲ ዕድል ተፈጢሩ ኣሎ ኢልና ኢና ንሓስብ።

**ወጋሕታ፡- ንዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመት ተዳኺሙ ዝፀንሐ ምቅስቃስ ቱሪዝም ንምንቅቃሕ በፃሕቲ ዓዲ እንትመፁ ብኸመይ ንምትእንጋድ ምድሳዋት እናተገበረ ይርከብ ?**

**ኣይተ ኣበበ፡-** ህዝቢ ኣክሱም ቅድሚ ኹሉ ዝፍለጠሉን መፍለይኡን ደላይ ጋሻን ደላይ ሰላም ‘ዩ። ጋሻ ተቐቢሉ ምትእንጋድ ዝፍለጥ ህዝቢ ‘ዩ። ኣብዚ ልምዲ ዘለዎ ህዝቢ ‘ዩ። ኣብዚ ድማ ብፀጥታን ድሕንነትን ከተማና ሰላም ኣውሒሱ ዝኸደሉ ኩነታታ ንምፍጣር ኣድላይ ስራሕ እናሰርሐ ዝመፀ ህዝቢ ስለዝኾነ እዚ ድማ መዕርፎ ነፈርቲ ራብዓይ ኣፄ ዮሃንስ ኣክሱም ተመሊሱ ናብ ግልጋሎት ምምላሱ መሰረት ገይሩ ዝመፅእ ጋሻ ስለዝህሉን ከባቢኡ ዉሑስ ሰላም እናገበረ ኸባቢኡ ንክሕሉ ጋሻ ድማ ብዝግባእ ተቐቢሉ ብዝግባእ ኣተኣናጊዱ ክሰድድ ስራሕቲ ምድላው እናተወገኑ ይኸዱ ኣለዉ ‘ዮም። እዚ ድማ ካብ መላእ ዓለም ዝምፅኡ ዑደተኛታት ቱሪዝም ስራሕቲ መስሕባት ንክጠናኸር ዕማማት ሒዝና ንስረሕ ኣለና።

ቱሪዝም ብዝግባእ ለሚዑ ማሕበረሰብ ተጠቓሚ ዝኾነሉ ኣብ ግልጋሎት ሆቴል ዝተዋፈሩ ሰብ ሃፍቲን ምዳረግቲ ኣካላትን ኣብዚ ዝተፈጠረ ዕድል ተራባሕቲ ንክኾኑ፤ ውሃብቲ ግልጋሎት ታክሲን ካልኦትን ተረባሕቲ ንክኾኑ ብሓፈሻ ሴክተራት ቱሪዝም ዝኾኑ ኹሎም ተዋዲዶም ንክኸዱ ዓብይ ግደ ዝፃወት ስለዝኾነ ነዚ ዕንቅፋት ዝኾኑ እንድሕር ሃሊዮም ‘ውን ፍታሕ ክግበረሎም ንዝምልከቶም ኣካላት ቆላሕታ ክግበረሎምን ዝገብረሎም መገዲ እናተሳለጠ ‘ዩ።

**ኣብ ጉዳይ ጥዕና ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ኣለዉ ‘ዮም፤ ዝሓሸ ዝባሃል ምንቅስቃስ ‘ውን እናተገበረ ‘ዩ**

ንኣብነት እንድሕር ወሲድና ኣክሱም ብዩኔስኮ ዝተመዝገቡ ብርክት ዝበሉ ቅርስታት ሓድግታት ዘለዋ ከተማ ‘ያ። በዚ ድማ ኣክሱም ዓለም ለኸዊት ከተማ ‘ያ ምባል ይካኣል ‘ዩ። እዚኦም ናይ ኹሉ ማሕበረሰብ ዓለም ‘ውን ሓላፍነት ዝጠልቡ ‘ዮም። ድሕሪ ኹናት ዝኾነ ስራሕ ኣይተሰርሐን። እዞም ሓድግታት ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከቡ? እንታይ ጉድኣት በፂሕዎም? ኣብ ምንታይ ብርኪ ይርከቡ ዝብል ብምርኣይን ብምንቅስቃስን ሓገዝ ፋይናስ ብምግባር ፅገና ዘድልዮም ፅገና ክግበረሎም ‘ዩ ዝግባእ። እቲ ዝተጀመረ ሓወልቲ ኣክሱም ‘ውን ፅገና ክግበረሉ ይግባእ ምኽንያቱ ነቲ ቱሪዝም ዓብይ ገደ ዘለዎን ዋናን ንሱ ስለዝኾነ። ኣብ ዝሓለፈ ኣብ እዋን ሰላም ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ቱሪስት ዝመፅሉ ከተማ ‘ዩ ነይሩ፤ ኣብዚ ሐዚ እዋን ግና ብሚኢቲ ዝቑፀሩ ‘ዮም እናመፁ ዘለዉ። ብፍላይ ኣብ 2016 ዓ.ም ብጣዕሚ ዉሑድ ‘ዩ ዘሎ፤ እዚ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ብዙሕ ፃዕርን ፕሮምሽንን ዝሓትት ‘ዩ።

**ወጋሕታ፡- መሰረተ ልምዓት ብዋናነት ምስ ትምህርቲ፣ መንገዲ፣ ትካልት ጥዕና፣ መብራህትን ማይን ካልኦትን ስራሕቲ ዝተሰርሑ ሰራሕቲ እንተሃልዮም ዶ ምገለፁልና?**

**ኣይተ ኣበበ፡-** ዘፈር ቱሪዝም መሰረተ ልምዓታት ዝጠልብ ‘ዩ። ነዚ ቁልፊ መሰረት ዝኾነ ልምዓት ድማ ማይ ‘ዩ። ምኽንያቱ ንምጉብናይ ዝመፅእ ዑደኛ መፂኡ ንነውሕ ንዝበለ እዋን ኣብ ሆቴል ዝፀንሕ እንተኾይኑ ከምዚኦም ዝበሉ ኣድላይ ዝኾነ መሰረታዊ ልምዓት ክማልኡ ይግባእ። በዚ ልክዕ ድማ ቁልፉ ዕንቅፋት ኾይኑ ዘፀግምና ዘሎ ጉዳይ ማይ ‘ዩ። ናይ ማይ ሕቶ ልዕሊ ሰላሳ ዓመት ዝገበረ ሕቶ ‘ዩ። ከተማ ኣክሱም ፀገም ማይ ዘለዎ ኸተማ ‘ዩ። ከም ከተማ ምምሕዳር ንምፍታሕ ኣፀጋሚ ስለዝኾነ ትርጉም ብዘለዎ ስራሕ እቲ ከተማ ክሕገዝ ኣለዎ። እዚ ድማ መንግስቲ ፌደራልን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ኣበርቲዖም ክሰርሕሉ ዝግባእ ከምዘኾነ ደጋጊምና ሕቶ እነልዕለሉ ጉዳይ ‘ዩ። እቲ ፀገም ንምፍታሕ ከም ከተማ ፃዕሪ እንገብሮ ነገር ኣድላይ እንተኾነ ‘ውን ግና ኸቢድ ‘ዩ።

ካልእ ኣብዚ ፀገም ልምዓት ኮይኑ ዘረአ ጉዳይ

‹‹መንግስቲ... ገፅ 6

# ዕዱም ጋሻ

## ‹‹መንግስቲ ፌደራል ሒዝዎም ዝነበሩ ፕሮጀክትታት ...

መብራህቲ 'ዩ። ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምዝርራብ ዝተወሰኑ ስራሕቲ ዝተሰርሑ ኣለዉ፤ ሙሉእ በሙሉእ ክማልኡ እኳ እንተዘይተኽኣለ ስራሕቲ ምስፍሕፍሓፋ 'ውን ኣሎ 'ዩ። ስራሕቲ መንገዲ ዝተጀማመረ ብውስን ዓቕሚ ዝተስተኻኸለ ናይ ፀፀር መገዲ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ኣለዉ። ገሊኦም ድማ እናተዛዘሙ 'ዮም። ኣብዚ ዓመት ዝሓሸ ምንቅስቃስ ዘለዎ ዓመት ኢልና ክንወስዶ ንኽእል ኢና። ይኹን እምበር ከምቲ ዝተሓሰበ ኣይኮነን። ኣብ መሰረተ ልምዓት ዝተሰርሑ ስራሕቲ ኽዚ 'ውን ንእሽተን 'ዩ። ሕፅረት ፋይናንስ ኣሎ። መገዲ እትፅገን ዓብይ ፋይናንስ 'ዩ ዘድሊ ግና እዚ ዓብይ ፀገም 'ዩ።

እቶም ዝተረፉ እንድሕር ወሲድና ንኣብነት ጉዳይ ቤት ትምህርቲ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ እንድሕር ርኢና ከቢድ ፀገም ዘለዎ 'ዩ። እተን ኣብያተ ትምህርቲ ክሳብ ኽዚ ማእኸላት መዕቆቢ ተመዛበልቲ 'የን ዘለዋ። ክሳብ ሐዚ ተመዛባላይ ናብ መረበቱ ኣይተመለሰን። ኣብ ፀገምን መከራን ዘሎ 'ዩ። በዚ ምኽንያት ኣብ ቤት ትምህርትታት ዝተሰርሐ ስራሕቲ የለን ምባል ይካኣል። እዚ ድማ ነቲ ተምሃራይ ኾነ ንመምህራን ከቢድ ፀገም ፈጢሩ እናሃሰዮ 'ዩ ዘሎ።

**ጉዳይ ቤት ትምህርቲ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ እንድሕር ርኢና ከቢድ ፀገም ዘለዎ 'ዩ። እተን ኣብያተ ትምህርቲ ክሳብ ኽዚ ማእኸላት መዕቆቢ ተመዛበልቲ 'የን ዘለዋ**

ኣብ ጉዳይ ጥዕና ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ኣለዉ 'ዮም፤ ዝሓሸ ዝባሃል ምንቅስቃስ 'ውን እናተገበረ 'ዩ። ብዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይ መድሓኒታት ንክመፁ ምስ ማሕበረሰብ ምትእስሳራት ዝተገበረ ፃዕሪ ኣሎ። ከምቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝገለፅናዮ ኣብ ጥዐና ትካላት ድማ ሙሉእ ናውቲ ዝዓነዋን ዝተወረራን ትካላት ፅገና ከይተገበረሎም ኣለዉ 'ዮም። ግልጋሎት ሕክምና ንምሃብ ድማ ክንደየናይ ኸቢድ ከምዝኾነ ግልፂ 'ዩ። ጉዳይ ስራሕተኛ መንግስቲ እንድሕር ወሲድና ድማ

ዘይተፈትሐ ሕቶ መሃያ ኣሎ 'ዩ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ምምላእ ግድን 'ዩ። ግን ድማ ኣብ ከይዲ እናተስተኻኸለ ክኸይድ 'ዩ ኢልና ተስፋ ንገብር።

**ወጋሕታ፡- ኣብ መወዳእታ ፌደራል መንግስቲ ወይ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ክሕግዝዎ ዝኽእሉ ሓገዝ እንተሃልዩ ከም መልእኽቲ ክሕልፍዎ ዝደልዩ ሓሳብ እንተሃልዩ?**

**ኣይተ ኣበበ፡-** ብፍላይ መንግስቲ ፌደራል ክሕግዞ ዝግባእ ኣቀድም ኣቢሉ ከምዝገለፅኽዎ ብዙሓት ዝተጀመሩን በቲ ኹናት ምኽንያት ዘይተዛዘሙ ፕሮጀክታት ኣለው 'ዮም። ንኣብነት ቅድም ኢለ ከምዝገለፅኽዎ ፅገና ሓወልቲ ኣከሱም ኣሎ። እዚ ብቕልጡፍ ክፅገን ይግባእ። ካልኣይ ዓቕሚ ቱሪዝም እንድሕር ትሒቱ ከም መላእ ሃገር ዓቕሚ ኢና ንስእኖ ኣብዚ መንግስቲ ፍሉይ ቆላሕታ ሂቡ ክሰርሐሉ ዝግባእ 'ዩ። እቲ ኻሊእ ፀገም መስተ ማይ 'ዩ። ፀገም ማይ ከተማ ኣከሱም ክቕረፍ ዝኽእል ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ብምህናፅ 'ዩ። ተዘይኾይኑ በቲ ዘሎ ብርኪ ንቕድሚት ምሱጓም ብጣዕሚ ዝኸብድ 'ዩ። እዚ መዕርፎ ነፈርቲ ናብ ዝነበሮ ከምዝተመለሰ እቶም ካልኦት ፕሮጀክትታት ድማ ተጀሚሮም ዝተቋረፁ ናብ ንቡር ስርሖ ንምምላስ ፌደራል መንግስቲ ፍሉይ ቆላሕታ ሂቡ ክድግፈና ትፅቢት ንገብር።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃንሒት የመስግን።**

**ኣይተ ኣበበ፡-** ኣነ 'ውን የመስግን።

## ኢትዮጵያ ሰለስተ ነጥቢ ክልተ. . .

ጥንካረታት ንተወሳኺ ስራሕቲ ክንለዓል ኢና ክብሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ሚኒስትር ፕላንን ልምዓትን ፍፁም ኣሰፋ (ዶ/ር) ብወገነን ኣብ ኣብቲ መድረኽ ናይዝሓለፉ 100 መዓልታትን ኣፈፃፅማ ካልኣይ ሃገር በቆል ኢኮኖሚን ከምኡ 'ውን ኣብ በጀት ዓመት 2017 ትኹረት ዝገበሩ ኣንፈታት ዝምልከት ፀብፃብ ኣቕሪበን።

ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ኣዋርሕ ኣብ ቐንዲ ቐንዲ ዓውድታት ማክሮ ኢኮኖሚ ዝተመዝገበ ዓወት 7.9 ሚኢታዊ ዕብየት ከምዝምዝገብ ዘመልክት ምኳኑ ጠቒሰመን።

ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ኣዋርሕ 3.2 ቢልዮን ዶላር ቀጥታዊ ኢንቨስትመንት ወፃኢ ንምስሓብ ከምዝኸኣለ 'ውን ገሊፀን። እዚ ድማ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ተመሳሳሊ እዋን ብ14.3 ሚእታዊት ዝዛይድ ምኳኑ ኣመልኪተን።

መንግስቲ 425 ቢልዮን ብር እቶት ከምዝኣከበ ብምግላፅ፤ ካብዚ ድማ 271 ቢልዮን ብር ካብ ውሽጢ ዓዲ እቶት ከምዝተኣከበ ገሊፀን።

ካብ ሰደድ ሸቐጣሸቐጥ 2 ነጥቢ 9 ቢልዮን ዶላር ከምዝተረኸበ ብምብራህ፤ ብተወሳኺ ካብ ሬሚታንስ 4.2 ቢልዮን ዶላር ከምዝተረኸበ ተዛሪበን።

እተን ሚኒስተር ከምዘፍለጠኦ ሕፅረት ባጀት መንግስቲ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ተመሳሳሊ እዋን እንትነፃፀር ብ14 ሚኢታዊ ከምዝነከየ ገሊፀን።

ኣብቶም ዝተጠቐሱ ኣዋርሕ ኣብውሽጢ ሃገር ን2 ነጥቢ 5 ሚልዮን ዜጋታት ኣብ ወፃኢ ሃገራት ድማ ንልዕሊ 300 ሽሕ ዜጋታት ስራሕ ዕድል ከምዝተፈጠረ ገሊፀን።

ብሓፈሻ ኣብ ቐንዲ ቐንዲ ናይ ማክሮ ኢኮኖሚ ዝተመዝገበ ዓወት ኢትዮጵያ 7 ነጥቢ 9 ሚኢታዊ ዕብየት ከምትመዝግብ ዘመላኽት ምኳኑ ኣብሪሆም።

## ዝተጀመሩ ምንቅስቃሳት . . .

ሙሉእ በሙሉእ ክማልኡ እኳ እንተዘይተኽኣለ ስራሕቲ ምስፍሕፍሓፋ 'ውን ኣሎ 'ዩ ኢሎም።

ስራሕቲ መንገዲ ዝተጀማመረ ብውስን ዓቕሚ ዝተስተኻኸለ ናይ ፀፀር መገዲ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ኣለዉ፤ ገሊኦም ድማ እናተዛዘሙ 'ዮም፤ እዚ ዓመት ዝሓሸ ምንቅስቃስ ዘለዎ ዓመት ኢልና ክንሕዞ ንኽል ኢና ክብሉ ኣብሪሆም።

ካሊእ ሕፅረት ፋይናንስ ምህላዉ ዓብይ ፀገም ከምዝኾነ ዝገለፁ ኣይተ ኣበበ፤ ቤት ትምህርቲ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ እተን ቤት ትምህርቲ ክሳብ ሕዚ ማእኸላት ተመዛበልቲ መዕቆቢ እየን ዘለዋ። በዚ ምኽንያት ኣብ ቤት ትምህርትታት ዝተሰርሐ ስራሕቲ የለን ምባል ይካኣል ኢሎም።

እዚ ድማ ነቲ ተምሃራይ ኾነ መምህራን ከቢድ ፀገም ፈጢሩ እናሓሰዮ ዘሎ 'ዩ፤ ነዚ ፍታሕ ዝኸውን ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ናይ ምምለስ ስራሕ ምስራሕ 'ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ጉዳይ ጥዕና ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ኣለዉ 'ዮም፤ ዝሓሸ ዝባሃል ምንቅስቃስ እናተገበረ 'ዩ፤ ብዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይ ትካላት መድሓኒታት ንክመፁ ምስ ማሕበረሰብ ምትእስሳራት ዝተገበረ ፃዕሪ ኣሎ፤ ኣብቲ ትምህርቲ ዝገለፅናዮ ኣብ ጥዐና ትካላት ድማ ሙሉእ ናውቲ ዝዓነዋን ዝተወረራን ትካላት ፅገና ከይተገበረሎም ኣለዉ 'ዮም ዝበሉ እቶም ከንቲባ፤ ግን ድማ ኣብ ከይዲ እናተስተኻኸለ ዝኸይድ 'ዩ ኢልና ተስፋ ንገብር ኢሎም። ብፍላይ ፌደራል መንግስቲ ክሕግዞ ዝግባእ ብዙሓት ፕሮጀክትታት ዝተጀመሩ ኣለዉ፤ በቲ ኹናት ምኽንያት ከይተዛዘሙ ቐርዮም 'ዩም።

ዓቕሚ ቱሪዝም እንድሕር ትሒቱ ከም መላእ ሃገር ዓቕሚ ኢና ንስእኖ እዚ ከይመፅእ መንግስቲ ፍሉይ ቆላሕታ ሂቡ ክሰርሕ ይግባእ ኢሎም። እዚ መዕርፎ ነፈርቲ ናብ ዝነበሮ ከምዝተመለሰ እቶም ካልኦት ፕሮጀክትታት ድማ ተጀሚሮም ዝተቋረፁ ናብ ንቡር ስርሖም ንምምላስ ፌደራል መንግስቲን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ከምኡ ድማ መዳርግ ኣካላት ፍሉይ ቆላሕታ ሂቦም ክድግፉና ትፅቢት ንገብር ክብሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም፡፡

## 2017 ሪቒቕ በጀት ዓመት 971 . . .

ንክልላት ካብ ዝተበጀተ ሓገዝ ውሽጢ 14ቢልየን ብር ንዘላቒ ልምዓት ሽቶ መፈፀሚ ዝውዕል ከምዝኾነ ኣይተ ኣሕመድ ኣብ ሪፖርቶም ኣመልኪቶም፡፡

ኣብ ቀፃሊ በጀት ዓመት ካብ ዝተመደበ ጠቕላላ ካፒታል በጀት ውሽጢ ድማ 187 ነጥቢ 1 ቢልየን ብር መጀመርያ ትኹረት ንዝተውሃቦም ንመንገዲ፣ ንግብርና መስኖ፣ ንመስተ ማይ ሳኒቴሽን፣ ንገጠርን ከተማን ልምዓታዊ ሴፍቲኔት መርሃ ግብሪ ንምፍፃም ዝተመደበ 'ዩ።

ኢኮኖሚ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ካብ ዘጋጠሙ ፅዕንቶ ብምሕዋይ ዝሓሸ ስራሕ ከምዝተሰርሐ ድሕሪ ምግላፅ፤ ልምዓት መስኖ ንምስፍሕፋሕ እናተሰርሑ ካብ ዘለዉ ተግባራት ብተወሳኺ ኣብ በጀት ዓመት ንግብርና ዝምቸው እኹል ዝናብ ኣብዝሓ ክፋል ሃገርና ምህላዉ ንኢኮኖሚ ዕብየት ዓብይ ግደ ከምዘለዎ ኣረዲኦም፡፡

ኣብ 2017 ዓ.ም እቲ ኢኮኖሚ ናብ 8 ነጥቢ 4 ሚኢታዊ ዕብየት ከምዘመዝግብ ከምዝተገመተ ዝገለፁ እቶም ሚኒስትር፤ ስጡም ናይ ገንዘብን ፊሲካል ፖሊሲ ተግባራዊ ከምዘገበሩን ማእኸላይ ዋጋ ኽዚ ካብ ዘለዎ 27ነጥቢ 4ሚኢታዊ ናብ 12ሚኢታዊ ትሕት ከምዝብል ብምሕሳብ 'ዩ፡፡

ናይ መንግስቲ ዕዳ ምኽፋል ምፅናሕ ዘይካኣል ብምኳኑ ኣድላይ ወፃኢ ኣብ በጀት ንክካተት ከምዝተገበረን፤ ሲቪል ሰርቪስ ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ምህናፅን ጠንካራ ትካላት ናይ ምህናፅ ተግባር ብዝተጠናኸረ ኩነታት ከምዝካየድ ኣመልኪቶም፡፡

ዝሓሸ ሰላምን ሃገራዊ ሓድነትን ንምምፃእ ዝግበሩ ፃዕርታት ውፅኢታዊ ከምዝኾኑ ብምሕሳብ ሃገራዊ ምኽክር ብዝተሳኸዐ ኩነታት ብምክያዱ ዓብይ ግደ ከምዘበርክት ዓብይ ግምት ከምዝተውሃቦ ተዛሪቦም። ብተወሳኺ ናይ መንግስቲ ኣታዊ ኣተኣኻኽባ ምዕባይ ወሳኒ ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

ብኢኮኖሚ ምምሕያሽ ዘይተቐረፈ ፀገማት ከምዘለዉ ዝገለፁ እቶም ሚኒስትር፤ ምውሳኽ ዋጋ እቲ ሓደ ከምዝኾነ ዕብየት ዋጋ መጠነኛ ዝኾነ ምቕናስ እናርኣየ እንተኾነ 'ውን መንግስቲ እናወሰዶ ብዘሎ ናይ ገንዘብን ፊሲካል ፖሊሲ ስጉምቲ ናብ ዝድለ ብርኪ ምውራድ ከምዘይተኽኣለ ገሊፆም፡፡

ፍርያት ምህርቲ ምዕባይ ነቲ ፀገም ዘላቒ ፍታሕ ከምዝኾነ ብምግላፅ፤ ናይ ወፃኢ ክፍሊት ሚዛንን ፅዕንቶን ሽርፊ ወፃኢ ሕፅረት ምቕራፍ ዝግበኦ ናይ ማክሮ ኢኮኖሚ ፀገማት ከምዝኾኑ ኣረዲኦም። ንግዲ ወፃኢ መባፅሒ ዕዳጋ ንምስፋሕ ናብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝላኣኹ ኣቅሑ ዓይነትን መጠንን ከምኡ 'ውን ፅሬት ብምዕባይ በቲ ዘፈር ዝራኣዩ ፀገማት ንምፍታሕ ዝኽእል ስራሕ ምስራሕ ከምዝግባእ ኣመልኪቶም፡፡

ዝተቐላጠፈ ኣሰራርሓ ንምስፋን፣ ትካላት መንግስቲ ዓቕሚ ብምጥንኻር ግልፅነት ኣሰራርሓ ብምስፋን ግዕዝይና ዝተበላሳ ኣሰራርሓታት ንምቕራፍ ዘኽእል ስራሕ ትኹረት ከምዝተዋሃቦ ዝገለፁ እቶም ሚኒስትር፤ ንተግባራነቱ ሓደሽቲ ምምሕያሽ ተግባረዊ ከምዝግበሩ ተዛሪቦም።


እቶም ምምሕያሻት ምምሕዳር መንግስትን ትካላት ሪፎርም ፣ ኣወሃህባ ግልጋሎት መንግስቲ ሪፎርም፣ ውፅኢታዊ ኣመራርሓን ህንፀት ዓቕሚ ሪፎርም፣ ሲቪል ሰርቪስ ዲጂታላይዜሽን ሪፎርም ከምዘካትት 'ውን ኣብሪሆም።

ኣባላት ቤት ምኽሪ ብወገኖም፣ ናይ ውሽጢ ፀገማት ብዘተን ድርድርን ብምፍታሕ ዘላቒ ሰላም ብምስፋን ናብ ዝሓሸ ኢኮኖሚ ምምላስ ከምዝግባእ ኣልዒሎም። ኣብ እዋን ኹናት ዓብይ ጉድኣት ኢኮኖሚ በፂሑ 'ዩ። ስለዚ ፀገማት ብሰላም ምፍታሕ ይግባእ። ትካላት ኣጠቃቅማ ገንዘብ ክፍትሹ ከምዘለዎም፣ ምኽባር ዋጋ ንምውራድ ትኹረት ክዋሃቦም ከምዘለዎ ተገሊፁ፡፡

ሃፍቲ ብኣግባቡ ምጥቃም ንምኽኣል ጠንካራ ቁፅፅር ክግበር ኣለዎ ዝበሉ እቶም ኣባላት፤ ሃፍቲ ንከይባኽን፣ እቲ በጀት ካብ ሌብነትን ግዕዝይናን ንምክልኻል ካብ ቅድሚ ኽዚ ብዝሓሸ ጠንካራ ቁፅፅር ኣሰራርሓ ምዝርጋሕ ከምዘለዎ ኣተሓሳሲቦም። እቲ ቤት ምኽሪ ኣብቲ ረቒቕ በጀት ተዛትዩ ናይቲ በጀት ኣዋጅ ንዝርዝር እይታ ንፕላን፣በጀትን ፋይናስን ጉዳያት ቋሚ ኮሚቴ መሪሑ 'ዩ።

# ተጠቃምነት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ንቕልጡፍ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት እቲ ዞባ ዕዙዝ ግደ ኣለዎ

በሪሁ ኣረጋ፣መኣርግ ገ/ሄር



ኣዲስ ኣበባ፦ ተጠቃምነት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ኣብቲ ዞባ ዘላቒ ሰላም ብምርግጋፅ ቕልጡፍ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ንምምፃእ ዕዙዝ ግደ ከምዝህልዎ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ምሁር ሰፕላይ ቸን ማኔጅመንት ማትዮስ ህንሰርሙ (ኣሶሽት ፕሮፌሰር) ገሊፆም።

ማትዮስ (ኣሶሽት ፕሮፌሰር) ንትፕኢ ከምዝገለፅዎ፤ ተጠቃምነት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ኣብቲ ዞባ ዘላቒ ሰላም ንኽዓስል ካብ ምግባሩ ንላዕሊ ቕልጡፍ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ብምምዝጋብ ተሓባቢርካ ንምዕባይ የኽእል።

ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ ከይሃለዋ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት እናመዝገበት እንተኾነ 'ውን ካብዚ ብዝበለፀ ንምዕባይ በሪ ባሕሪ ኣድላዪ ምኳኑ ገሊፆም፤ በሪ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ጉዳይ ህልውናን ሓቢርካ ምዕባይን ምኳኑ ገሊፆም።

ብመሰረት ዓለም ለኸ ሕግታት ኣጠቓቕማ በሪ ባሕሪ ንዝኾነት ሃገር በሪ ባሕሪ ናይ ምጥቃም መሰል ዝኽልክል ሕጊ ዘይምህላዉ ገሊፆም፤ ተጠቃምነት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ኣብቲ ዞባ ዘላቒ ሰላም ብምርግጋፅ ቕልጡፍ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ንምምፃእ ዕዙዝ ግደ ከምዝህልዎ ተዛሪቦም።

ዛጊድ ብዘሎ ህሉው ኲነታት ዓለም ካብ 80 ክሳብ 90 ሚኢታዊ ዝኸውን ንግዲ ዝሳለጥ ብበሪ ባሕሪ ኣቢሉ 'ዩ ዝበሉ እቶም ኣሶሽት ፕሮፌሰር፤ ኢትዮጵያ ቕልጡፍ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ንምምዝጋብ ኣብ ሓፂር ግዜ ውሽጢ በሪ ባሕሪ ክትረክብ ኣለዋ ኢሎም።

ከም ገለፅኦም፤ ሃገራት በሪ ባሕሪ ዝረኸባ ናብ ወሰን ባሕሪ (Coastal states) ብዘለወን ቕርበትን በሪ ባሕሪ ምስ ዘለወን ሃገራት ዲፕሎማሲያዊ ርክባት ብምፍጣርን 'ዩ። እዚ 'ውን ዝኸውን ዓለም ለኸ ሕጊ ኣጠቓቕማ በሪ ባሕሪ ንዝኾነት ሃገር በሪ ባሕሪ ናይ ምጥቃም መሰል ስለዘይኽልከል 'ዩ።

ብመሰረት እዚ ሕጊ በሪ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት በሪ ባሕሪ ምስ ዘለወን ሃገራት ርክብ ብምፍጣር፣ በሪ ባሕሪ ብምግዛእ ወይ ድማ ሓቢርካ ነቲ ባሕሪ ብምልማዕ ናይ ምጥቃም ዕድለን ከምዘሳኽዓ ዝገለፁ እቶም ምሁር፤ ከም ኣሜሪካ፣ ፈረንሳይን ዝኣመሰላን ሃገራት ካብ ሩሑቕ ተጓዒዘን ኣብ ጅቡቲ ወደብ ዝጥቀማ በዚ መልክዕ 'ዩ ክብሉ ካብ ኣብነት ኣልዒሎም።

ኢትዮጵያ በሪ ባሕሪ እንተረኺባ ኢኮኖሚኣ ብቕልጡፍ ብምዕባይ ኣብቲ ከባቢ ዝለዓለ ፅዕንቶ ክተሕድር 'ያ ኢለን ዝጠራጠራ ዝተወሰና ሃገራት ምህላወን ገሊፆም፤ ካብዚ ዝተልዓለ 'ውን ኣብ ኣባይ ህንፀት ግድብ ንኸይተካይድን በሪ ባሕሪ ናይ ምርካብ መሰላ ንኸይትጥቀምን ከምዝፈታተንኣ ተዛሪቦም።

እዚ 'ውን ፅዕንቶ ከምዘሎ ኾይኑ ኢትዮጵያ ህንፀት ግድብ ኣባይ ኣሳኺዓ 'ያ፤ በሪ ባሕሪ 'ውን ብዝተጀመረ ኲነታት ብምቕፃል ኢኮኖሚ 'ውን ብቕልጡፍ ምዕባይ እንተተኻኢሉ ዘይሳኽዐሉ ምኽንያት የለን ኢሎም።

ከም ገለፃ ኣሶሽት ፕሮፌሰር ማትዮስ፤ ኢትዮጵያ ኢኮኖሚኣ ብቕልጡፍ ንምዕባይ ብጠመተ ክትሰርሕ ይግባእ። ምኽንያቱ 'ውን ኢኮኖሚ ብዝዓበየ ቑፅሪ ዝወፁን ዝኣትዉን ፍርያታት ይውስኹ 'ዮም። ናይቶም ፍርያታት ምውሳኽ ድልየት በሪ ባሕሪ ካብ ምውሳኽ ሓሊፉ ኣብ ወነንቲ በሪ ባሕሪ ንዘሎ ተደላይነት ንክውስኽ ይገብር።

ኢትዮጵያ መእተዊ በሪ ኣፍሪካን ናይ ብዙሓት ዲፕሎማት ቢሮ ዝርከበላን ብምኳና ብመንፅር ዘለዋ ፅዕንቶ ፈጣራይነት በሪ ባሕሪ ኣድላዪ ምኳኑ ገሊፆም፤ ሰላምን ድሕንነትን እቲ ዞባ ንምርግጋፅ በሪ ባሕሪ ተጠቃሚ ምኳን ኣብ ሕቶ ውሽጢ ክኣትው ኣይነበሮን ኢሎም።

ተጠቃምነት በሪ ባሕሪ ኢትዮጵያ ከም ሃገር ኾነ ከም ኣህጉር ብፍላይ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ሰላም ንምርግጋፅን ኢኮኖሚ ብቕልጡፍ ንምዕባይን ዕዙዝ ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ኣመላኺቶም።

ብተወሳኺ ፕረዚደንት ዩኒቨርስቲ ሓራማያ ጀማል ዩሱፍ (ዶክተር) ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብ እትገብሮ ዘላ ፃዕሪ ምስ ሃገራት እቲ ዞባ ሓቢራ ክትለምዕ ዘኽእላ ምኳኑ ገሊፆም።

ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብ እትገብሮ ዘላ ፃዕሪ ነተን ኣብቲ ዞባ ዘለዋ ሃገራት ብዙሕ ዕድላት ዝፈጥር 'ዩ።

ኢትዮጵያ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል እታ ሃገር ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብ እትገብሮ ዘላ ፃዕሪ እቲ ዩኒቨርሲቲ ንምምሃርን ምርምርን ስራሕቲ ዝዓለመ ንጥፈታት ንምክያድ እታዎታት ብቕሊሉ ንምርካብን ወፃኢታት መጓዓዝያ ንምቕናስ ከምዘኽእል ኣረዲኦም።

# ኣብ ከተማ ዓዲግራት 42 ዝተፈላለያ ፕሮጀክታት ስረሖን እናሳለጣ 'የን

ሄርሞን ፍቃዱ



ኣዲስ ኣበባ፦ ኣብ ከተማ ዓዲዲግራት 42 ዝተፈላለያ ፕሮጀክትታት ስረሐን እናሳለጣ ከም ዝርከባ ከንቲባ ከተማ ዓዲግራት ኣይተ ሰለሞን ሓጎስ ገሊፆም፡፡

ከንቲባ እታ ከተማ ኣይተ ሰለሞን ሓጎስ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከም ዝበልዎ፤ድሕሪ እቲ ዝበፅሐ ኵናት ኣፍታ ከተማ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ዳግመ ህንፀት እናሰራሕና ኢና፤ ካብ መንጎ ስራሕቲ መሰረተ ልምዓታት መንገዲ፣ቤት ትምህርቲ፣ፖሊስ ጣብያን ካልኦትን እናሳለጥና ኢና፡፡

ስራሕቲ ዳግመ ህንፀት እንትንሰርሑ ብዋናነት ስነ ልቦና ሕብረተሰብና ብምርግጋፅ ካብ ኣተሓሳስባ ኵናት ተናጊፉ ናብ ልምዓት ትኹረት ክገብርን መንፈሱ ጠንኪሩ ኹሉ ይከኣል 'ዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ንኽውንን በፍላይ ንመንእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ዓቕምና ብዝፈቐዶ ክነሕውይ እናሰራሕና ኢና ኢሎም፡፡

ውሽጣውሽጢ መንገዲ እታ ከተማ ከባቢ 21ሎት ዝኸውን ኮብልስቶን ብሓዱሽን ዳግም ብምስራሕን እናተነፀፈ ከም ዝርከብ ብምግላፅ፤ምስ ሱር ኮንስትራክሽን ብምኳን ናይ ኣስፓልት መንገዲ እናተሰርሐ ምኳኑ ተዛሪቦም፡፡

ቅድሚ እቲ ዝነበረ ኵናት ኣፍታ ከተማ ፅቡቕ ምንቅስቓስ ከም ዝነበረ ዝገለፁ ኣይተ ሰለሞን፤ ብፍላይ ማእኸለዎትን ኣናእሽተይን ኢንዳስትሪታት ምስ ማንፋክቸሪንግ ተተሓሒዙ ብዝተወሰነ መልክዑ ናብ ስራሕ ከም ዝተመልሱ ብምሕባር፤ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ምስፍሕፋሕ እናሰርሑ ከም ዝርከቡ ኣብሪሆም፡፡

ስራሕቲ ምስፍሕፋሕ ካብ መንጎ ዝገብሩ ዘለዉ ትካላት ሓደ ኢንዱስትሪ ምህርቲ ፅሩይ ማይ ካፍቲ ዝነበሮ ቦታ ብተወሳኺ ናብ ከባቢ ኣጉላዕ እናስፋሕፈሐ ከም ዝርከብ ሓቢሮም፡፡

እቶም ኢንዳስትሪታት ብዝበፅሖም ዕንወት ከም ዝተጎድኡ ዝገለፁ እቶም ከንቲባ፤ ነዚ ንምቕራፍ ድማ ብዝተፈላለየ ኹነታት ዝተበተነ ማሕበረሰብ ንግዲ ናብ ስርሑ ንኽኣትውን ብዝተኸኣለ መጠን ፀገማቱ ተፃዊሩ ብንቕሓት ኣስተዋፅኦ ንኽገብር ኣታሓሳሲቦም፡፡

ናብ ስራሕ ዘይኣተዉ ምህርቲ ወሃብቲ ኢንዳስትሪታት ናብ ስርሖም ንኽምለሱ ብዋናነት፤ትኹረት መንግስቲ ከም ዘድልይ ብምሕባር፤ቐረብ ልቓሕ፣ምምሕያሽ ኣሰራርሓ ክግበርን፣ጉዳይ ወለድ ንነጋዳይ ኣፀጋሚ ኹነታት ስለ ዝፈጠረሉ ምምሕያሽ ንኽግበር ተላብዮም።

# ሃገራዊ መዛዘሚ ፈተና 12 ክፍሊ ብወረቀትን ብኦንላይንን ክወሃብ 'ዩ

- 701ሽሕን 489 ተምሃሮ ፈተና ክወስዱ 'ዮም

ኣብርሃ ሓጎሰ

ኣዲስ ኣበባ፦ ናይ 2016 ዓ.ም ሃገራዊ መዛዘሚ ፈተና 12 ክፍሊ ካብ ወርሒ ሓምለ ጀሚሩ ብወረቀትን ብኦንላይንን ከምዝወሃብ ሚኒስቴር ትምህርቲ ገሊፁ። 701ሽሕን 489 ዝኾኑ ተምሃሮ ነቲ ፈተና ከምዝወስዱ 'ውን ተሓቢሩ።

ምክትል ዳይሬክተር ኣገልግሎት ምዘናን ፈተናን ሚኒስቴር ትምህርቲ ኣይተ ተፈራ ፈይሳ ብቕድሚ ትማሊ ሃገራዊ መዛዘሚ ፈተና 12 ንምሃብ ዘድሊ ምድላው ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ መግለፂ፤ ካብ ክልል ትግራይ ወፃኢ ኣብ ዘለዉ ክልላትን ምምሕዳራት ከተማታትን ተፈተንቲ ማሕበራዊ ሳይንስ ካብ ሓምለ 3 ክሳብ 5 2016 ዓ.ም፤ ተፈተንቲ ተፈጥሮ ሳይንስ ድማ ካብ ሓምለ 9 ክሳብ 11 2016 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዘ ውሽጢ ነቲ ፈተና ከምዝወስዱ ኣፍሊጦም።

ናይ ሎሚ ዘበን ፈተና ብወረቀትን ኦንላይንን ከምዝውሃብ 'ውን ወሲኾም ሓቢሮም።

ክልል ትግራይ ሓዊሱ 701ሽሕን 489 ዝኾኑ ተምሃሮ ዝፍተኑ እንትኾኑ፤ እዚኦም ድማ ማሕበራዊ ሳይንስ 369 ሽሕ 60ን፣ ተፈጥሮ ሳይንስ ድማ 332ሽሕን 429 ተምሃሮ ንፈተና ከምዝቅመጡ ተገሊፁ።

ካብዚኦም ውሽጢ ድማ 99 ሚእታዊ ዝኾኑ ተፈተንቲ ኣብ መጀመሪያ ዙር ዝፍተኑ እንትኾኑ፤ ናብ ሓደ ሚእታዊ ዝፅግዑ ተምሃሮ ድማ ብፍላይ ፀጥታ ፀገም ኣብ ዘለዎም ከባቢ ትምህርቲ ቀዲሞም ብዘይምጅማሮም ምክንያት ኣብ ኻለኣይ ዙር ንክፍተኑ ዘኽእል ምድላዋት ምግባሮም ተዛሪቦም።

ተምሃሮ ብስነ ልቦናን ብትሕዝቶን ናይ ምድላው ስራሕቲ ክምዝተስርሑ ገሊፆም።

ናይ ክልል ትግራይ ብዝምልከት ክልተ "ባች" ከምዘሎ ዝሓበሩ ኣይተ ተፈራ፤ እቲ ናይ መጀመሪያ ባች ዝብሃል ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ማሕበራዊን ተፈጥሯዊ ሳይንስን ዝሓዘ ዝፍተኑ ተምሃሮ እንትኾኑ፤ ካብ ሓምለ 2 ክሳብ 5 2016 ዓ.ም ከምዝፍተኑ ዝተገለፀ ኾይኑ፤ ካልኣይ ባች ድማ ብናይ ቀደም ኣፀዋውዐ መሰናድኦ ዝብሃል ካብ 11 ክሳብ 12 ክፍሊ ካብ ሓምለ 9 ክሳብ 12 2016 ዓ.ም ነቲ ፈተና ከምዝወስዱ ገሊፆም።

ናይ ተፈተንቲ ምዝገባ፣ ምፅራይ መረዳታ፣ ምድላው ፈተና፣ ተምሃሮ ዩኒቨርሲቲ ምድልዳልን ካልኦትን ምድላዋት ከምዝተገበሩ ኣይተ ተፈራ ገሊፆም።

ከም ገለፃ ኣይተ ተፈራ፤ እቲ ፈተና ሰላማውን ፍፁም ብዝተረጋገፀ ኲነታት ከምዝወሃብን ምስ ኣምራርሓ ክልላትን ምስ ዝምልከቶም ኣካላትን ኣቓም ተተሓዚ ናብ ስራሕ ተኣቲዉ 'ዩ። ተምሃሮ ብስነ ልቦናን ብትሕዝቶን ናይ ምድላው ስራሕቲ ብሰፊሕ ተኸናዊኑ 'ዩ።

ናይ ሎሚ ዘበን ፈተና ከምናይቀደም ብወረቀት ጥራሕ ዝወሃብ ዘይኮነስ ብኦንላይን 'ውን ከምዝውሃብ ብምግላፅ፤ ብኣንፃር ኣወሃህባ ፈተና ኦንላይን ብብርኪ ፌዴራልን ክልልን ዝተመስረተ ኮሚቴ ኣቢሉ ምድላው ምግባሩ ተዛሪቦም።

ኣፈፃሚ ስራሕ ዲጅታላይዜሽንን ኣይሲቲን እቲ ሚኒስቴር ዘላለም ኣሰፋ(ዶ/ር) ብግደኦም፥ ብኦንላይን ዝፍተኑ ተምሃሮ መስ ቴክኖሎጂ ንክፋለጡ ተዓሊሙ ፈተናታት ብሶፍትዌር ተፃዊኑ ንክለማመዱ ከምዝተገበረን፤ ብፍላይ ስርቂ ምስ ምትራፍን መስድሕንነትን ተተሓሒዙ ዘተኣማምን ምኳኑ ገሊፆም።



# ስፖርት



## ኣብ ኦሊምፒክ ፓሪስ ሜዳልያ ወርቂ ትፅቢት ዝገበረሳ ኣትሌት

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ናይ ዓለም ኣትሌቲክስ ከዋኽብት ናይ ውድድር ድምቀት ካብ ዝኾኑ ናይዚ ዘመን ወሰንቲ ኣትሌታት እታ ሓንቲ ኢትዮጵያዊት ጉዳፍ ፀጋይ 'ያ። ኣብ ዕደመ ንእስነታ ብዙሕ ስኬት ዝተጎናፀፈት መንእሰይ ኮኾብ ኣትሌት ካብ ነባራት ኣትሌታት ካብ ምኽታል ሓሊፉ ንተተካእቲ መንገዲ እናኸፈተት ትርከብ። እናዛሐለ ዘሎ ስኬት ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ብምንቅቃሕ ዝነበረ ተስፋ እናመስከረት ፀኒሓ 'ያ። ኽዚ ድማ ኢትዮጵያውያን ብተደጋጋሚ ኣብ ዝኸበርሉ ዓብይ ውድድር መድረኽ ካልእ ክብሪ ንምጉንፃፍ እናፃዓረት ትርከብ።

ካብ ክልል ትግራይ ዝተረኽበት ኣትሌት ጉዳፍ ኣትሌቲክስ ዝጀመረት ተምሃሪት እናሃለወት 'ዩ። እዛ ጠንካራ ኣትሌት ሃገራ ዝወከለት ገና ኣብ እዋን ቁልዕነታ እንትኾን ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ 2014 ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዓለም ናይ ገዛ ውሽጢ ቻምፒዮና ብ16 ዓመታ ብ1ሽሕን500 ሜትሮ ርሕቐት ብምስታፍ መበል ታሽዓይ ብርኪ ሒዛ እያ ነይራ ዝዛዘመት። ኣብቲ ዓመት ኣሜሪካ ዩጂን ኣብ ዝተገበረ ትሕቲ 20 ዓመት ቻምፒዮና ንካልኣይ እዋን ኢትዮጵያ ወኪላ ዓብይ ፍኹክር ብምግባር ተሸላሚት ሜዳልያ ክትኾን ክኢላ 'ያ።

ድሕሪኽልተ ዓመት ኣብ ቻምፒዮና እንትትሳተፍ ብቃልኪዳን ገዛሀኝ ተዳሒዙ ዝፀንሐ ፈጣን ሰዓት ብ10ሰከንድ ብምምሕያሽ በዚ ርሕቐት ባዓልቲ ዋና ክብረወሰን ዓለም ክትኸውን ክኢላ 'ያ። እዚ ድማ ንዋና ብሄራዊ ጉጅለ ንትሕፀ ገይርዋ 'ዩ። በዚ ድማ ፓርትላንድ ናይ ገዛ ውሽጢ ቻምፒዮና መበል ሳልሳይ ብርኪ ሒዛ ብምዝዛም ንሃገራ ናሓስ ሜዳልያ ክትረክብ ክኢላ 'ያ። እዛ በዓልቲ ተሰፋ




**ኣትሌት ጉዳፍ ፀጋይ**

ኣትሌት ዒስራ ዓመት እንተዘይመልኣ 'ውን ዝነበራ ቅዋም ኣብቲ ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ሪዮ ኦሎምፒክ ብ800 ሜትሮ ርሕቐት ተሳታፊት ንክትኾን ኣኽኢልዋ 'ዩ። ኣብ ቀፃሊ ናይ ለንደን ዓለም ቻምፒዮና እታ ኣትሌት ንኻልኣይ እዋን ሃገራ ንትውክል ሓላፍነት እንተተውሃበ 'ውን ውፅኢታዊ ግና ክትኾን ኣይካኣለትን።

ጠንካራ ስራሕ መፍለጢኣ ዝኾነ ኣትሌት ጉዳፍ ናብ ዝነበራ ቅዋም ተመሊሳ ኣብ ዳይመንድ ሊግ ብቅዓታ ብምምስካር፣ ኣብ ኳታር ዓለም ቻምፒዮና ብሄራዊ ጉጅለ ኢትዮጵያ ዝርዝር ውሽጢ ክትኣቱ ክኢላ 'ያ። ኣብቲ ቻምፒዮና ዘሸነፈቶ ሜዳልያ ድማ ንቶኪዮ ኦሎምፒክ ንክትምረፅ ኣኽኢልዋ 'ዩ። ጉዳፍ በዚ ኦሎምፒክ ካብ እትሳተፈሉ ርሕቐት ወፃኢ ብ5ሽሕ ሜትሮ ዝተኻፈለት እንትትኾን ፤ብተኸታታሊ ዓመት ንሃገራ ኽልተ ሜዳልያ ነሓስ ኣመዝጊባ 'ያ። ብብዓል ገዛኣ ሕለፍ ይሕደጎ ብዘሰልጠና ስኬታማ ዓመት ኣሕሊፉ 'ያ። ኣብ ሊቨን ብ1ሽሕ500 ሜትሮ ናይ ዓለም ክብረወሰን ብምጭባጥ ብቅዓታ ዘርኣየት 'ያ።

ከም ኣውሮፓ ኣቆፃፅራ ኢትዮጵያ ወኪላ ናይ ዓለም ገዛ ውሽጥን ቻምፒዮና 2ናይ ወርቂን 1ሜዳልያ ብሩር ኣመዝጊባ ያ። ሃገራ ፈታዊት ኣትሌት ጉዳፍ ብምኽንያት ዝነበረ ሰሜን ኹናት ተደሓሒዙ ምስ ቤተሰብ ምርሕሓቃ ከይተሸነፈት ኢትዮጵያ ብምቅዳም ንሃገራ እናናተቃለሳ ካብ ዝነበራ እታ ሓንቲ 'ያ። በዚ ተግባራ ንብዙሓት መናእሰይ ኣትሌታት ኣብነት ዝኾነት ጉዳፍ ዝሓለፈ ዓመት ብውልቀን ዓለምለኸን ውድደራት ተዓዋቲት ኾይና 'ያ። እቲ ዓመት ብዓለም ቻምፒዮና ኽልተ ሜዳልያ ብምውሳድ ኣብ ዩጂን ዳይመንድ ሊግ ክትክሕስ ክኢላ 'ያ። ናይ 5ሽሕ ሜትሮ ናይ ዓለም ክብረወሰን ናብ ኢትዮጵያ መሊሳ ባዓልቲ ክብረወሰን ክምዝኾነት ዝዝከር 'ዩ። ዝሓለፈ ዓመት ብዝገርም ብቅዓት ዝዛዘመት እታ ኣትሌት ኣብ ዝተድሓዘ ዓመት ብቤተሰብ ኣትሌቲክስ ብሃንቀውታ ንክትፅበ ገይርዋ 'ዩ። ናይ ኦሎምፒክ ዓመት ብምዃኑ ኣብ ዓብይ መድረኽ እተመዝግቦ ዓወት ካብ ኽዚ ትፅቢት እናተገበረ ይርከብ። ኣብ ገዛ ውሽጢ ውድድራት ዝጀመረት እንትኾነ 'ውን ብ3ሽሕ ሜትሮ ሜዳልያ ብሩር ወሲዳ 'ያ። ኣብዚ ዓመት ትልማ ግና ኦሎምፒክ ብምዃኑ 47መዓልቲ ዝተረፎ ኦሎምፒክ ፓሪስ ኣብ ምድላው ትርከብ።

ስለዚ ኣብ ፓሪስ ሓድሽ ታሪኽ ንምፅሓፍ ተሊማ 'ያ። ምስ ዓለም ኣሌቲክስ ሓፂር ፃንሓት ዝነበራ ኣትሌት ጉዳፍ «ሃገረይ ኣብዚ መድረኽ ምውካለይ ዓብይ ታሕጓስ ተሰሚዕኒ 'ዩ። ህዝቢ ኹልግዜ ሜዳልያ ንክነመዝግብ 'ዩ ትፅቢት ዝግበር፤ ግና ናተይ ዓላማ ሜዳልያ ጥራሕ እንተይኾነስ ናይ ወርቂ ሜዳልያ 'ዩ፤ ሃገር እንትውክል ኹልግዜ ሓላፍነት ከምዘለኒ ይስመዐኒ» ክትብል ገሊፃ 'ያ። «ኦሎምፒክ ዓብይ ውድድር መድረኽ ብምዃኑ ናይ ኹልግዜ ሕልመይ 'ዩ። ኣብ ኣትሌቲክስ ዝሓሰብኩዎ ኹሉ ምስኻዕ እንተኻኣልኩ 'ውን ኣብ ኦሎምፒክ ወርቂ ምርካብ ግን ይተርፈኒ 'ዩ፤ ብምዃኑ ቀፃሊ ሸቶይ እዚ 'ዩ » ክትብል ገሊፃ 'ያ።

## ግደ ኪነ ጥበብ ኣብ ምልላይ ታሪኽ፣ ባህልን ፀጋታትን ሃገር

### መኣዲ ጥበብ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ከምዝፍለጥ ኢትዮጵያ ሰፊሕን ዓሚቕን ታሪኽ ባህልን ሓፈሻዊ ብዙሕ ተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕን ፀጋታት ዝመልኣ ሃገር 'ያ። ይኹን እምበር ብዘለዋ ታሪኻውን ባህላውን ከምኡ 'ውን ሃፍቲ ተፈጥሮን ኣንፃር እቲ ወለዶ ንባዕሉ ይኹን ንዓለም ብዝግባእ ኣፋሊጡ 'ዩ ምባል ከቢድ 'ዩ። ነዞም ፀጋታት ንምፍላጥ ልዑል ግደ ካብ ዘለዎም ድማ ኪነ ጥበብ ሓደ 'ዩ። ስለዝኾነ ነዚ ጥበብ ብምጥቃም ኣብዛ ሃገር ዘሎ ፀጋታት ነዚ ወለዶን ንዓለምን ምፍላጥ ኣድላይ 'ዩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ (ድ/ር) ዝሓለፈ ቀዳም ብስም ስሙይ በዓል ሞያ ሙዚቃ ፕሮፌሰር ኣሸናፊ ከበደ ብቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ያሬድ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ዝተሃነፀ ማእኸል ሙዚቃዊ ጥበባት መሪቆም ኣብ ኸፈቱሉ እዋን ፤ ብልክዑ ዘይተላለየ ታሪኽን ባህልን ኢትዮጵያ ኪነ ጥበብ ብምጥቃም ብግቡእ ምልላይ ይግባእ ክብሉ ምስዚ ዝተኣሳሰር ሓሳብ ኣልዒሎም 'ዮም።

ብተወሳኺ ኪነ ጥበብ ኣርሒቃ ናይ ምርኣይን ናይ ምሕታትን ዓቅሚ ዘለዋ 'ያ። እዚ ዓቅሚ ድማ ናብ ተግባር ብምውዓል ባህልን ታሪኽን ኢትዮጵያ ከፋለጥን ምትእስሳሩ 'ውን ክጠናኸር ይግባእ ክብሉ ብምርዳእ፤ ኢትዮጵያ ቅዱስ ያሬድ ዝኣምሰለ ናይ ምፍጣር ዓቅሚ ዘለዎ ዓበይ ናይ ኪነ ጥበብ ሰብ ዘፍረየት ሃገር 'ያ። እቲ ሊቅን ስራሕቱን ግና ክንድምታይ ዝኣክል ብልክዑ ፈሊጥናን ኣፍሊጥናን ዝብል ሕቶ ኩሉ እዋን ዝልዓል 'ዩ ብምባል ታሪኽናን ባህልናን ብሓፈሻ ፀጋታትናን ንምፍላጥ ኪነ ጥበብ ዋና መሳርሒ ብምዃና ክንጥቀመላ ይግባእ ክብሉ መእኽቶም ኣሕሊፎም 'ዮም።

ኪነ ጥበብ እንትንሓስብ ዝሓለፈ ታሪኽን ስራሕትን ክዝንግዕ ከምዘኣይግባእ ዘልዓሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስተር፤ ብሓደ ዓይኑ ንድህሪት ዝተርኢ ሃገር ጥበበኛ 'ያ። ምኽንያቱ ድሕሪኡ ዝርኢ ናይ ቅድሚ ኡ ውን ዘይረሰዐ እዩ ብምባል፤ ብኸይዲ ቅብ ብል ታሪኽ ዝተሃነፀ ምትእስ ሳር ዝበለፀ ውፅኢታማ ከምዝኸውን ሓቢሮም 'ዮም።

> **ብልክዑ ዘይተላለየ ታሪኽን ባህልን ኢትዮጵያ ኪነ ጥበብ ብምጥቃም ብግቡእ ምልላይ ይግባእ**

ኣብዚ ማእኸል ንክንርከብ ዝገብረና ምኽንያት እቲ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ያሬድን ፍሉጥ ናይ ጥበብ ሰብ ፕሮፌሰር ኣሸናፊ ከበደ ስለዘዘኻኸረና፤ ኣብ ዝቕፅል ድማ ናቲ ማእኸል ሓላፊ ዝኾነ ናይ ሙዚቃ ሰብ ግርማ ይፍራሸዋ ዝሓዘን ዝተኣሳሰረ ታሪኽ ዘለዎ ምዃኑ 'ዩ ብምባል፤ እዚ ዓይነት ቅብብል ትውልዲ ብምጥንኻር




እቲ ከነ ጥበብ ንሃገር ዝተርፍ ውፅኢታዊ ስራሕ ምስራሕ ግቡእ እዩ ክብሉ ውን ተዛሪቦም 'ዮም።

ማእኸል ጥበባት ሙዚቃ ብስሞም ዝተሰየመሎም ፕሮፌሰር ኣሸናፊ ከበደ መስራቲ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ያሬድ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባን ናይ መጀመርያ ዳይረክተር እቲ ቤት ትምህርትን ኮይኖም ዘገልገሉ ከምዝኾኑ ዝተገለፀ ኾይኑ፤ ከምኡ 'ውን ዕኣወሃዲ ሙዚቃ ኢትዮጵያዕ ዝብል መፀውዒ ዘትረፉን እንትኾኑ ብተወሳኺ "ባለ ዋሽንት እረኛ" ወይ "The Sheephred Fluitist" ብዝብሃል ክላሲካል ሙዚቃኦም ብስፍሓት ይፍለጡ 'ዮም።

እቶም ፕሮፌሰር ንሕትመት ዘብቅዕዎ "Roots of Black Music" መፅሓፍን ብዙሓት ጥንታዊ ፅሑፋትን ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ጥበብን ከምዘበርከቱ ተገሊፁ 'ዩ።

ከምዝፍለጥ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ያሬድ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ብስሙ ዝተሰየመሉ ርእሰ ሊቃውንት ዜማ፣ ቅኔን ፍልፍናን ቅዱስ ያሬድ ኣብ ከተማ ኣክሱም ብ493 ዓ.ም ዝተወለደን ብፈላይ ብዘደነቅ ዜማ ድርሰቱ ግእዝ፣ እዝልን ኣራራይን ብዝብሃሉ ዜማታት ብምድላው፤ ሸሞንተ ምልክታት ዜማ ብምፍጣር ኣደናቂ ምህዞ ብምምሃዝ ዝፍልጥን ብሓፈሻ ኣብ ታሪኽ ሃገርናን ብፍላይ ድማ ኣብ ታሪኽ ኦረቶዶክስ ቤተክርስትያንን ልዑል ስም ዘለዎን ዝትኸበረን 'ዩ።

ብግዘ ንውሓት ዘይሃስስ ኣደናቂ ስራሖቱ ንምዘካር፣ ንምድናቅን ንምኽባርን ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት መፀውዒ ዝተፈላለዩ ብዙሓት ትካላት ካብ ምዃኑ ብተወሳኺ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት 'ውን ሓወልታት ተሃኒፆምሉ 'ዮም። ኣብ ቀረባ እዋን 'ውን ኣብ ከተማ ኣክሱም ብዩኒቨርስቲ መቐለ ዝተሃነፀ ሓወልቱ ብዕሊ ተመሪቁ 'ዩ።

ብተመሳሳሊ ዝተፈላልዩ ሰብ ሞያ ኪነ ጥበብ ብዝኽኣልዎ ዓቕሚ ኣብ ኪነ ጥበብ ብዘበርከትዎ ስራሕ ብኽምዚ ምዝካሮምን ንታሪኽ ምስጋርን ፅቡቅ ነገር ኮይኑ፤ ጎና ጎኒ ድማ ኪነ ጥበብ ዘለዎ ልዑል ዓቅሚ ብምጥቃም ታርኽ፣ ባህልን ፀጋታትን ሃገር ኣብ ምፍላጥ ብግቡእ ግደኡ ንክፃወት እኹል ትኹረትን ዘይሕለል ፃዕሪን ሰብ ሞያ እቲ ጥበብን መዳርግቲ ኣካላትን ኣገዳሲ 'ዩ።